ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.179 ቀዳም 28 መጋቢት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3

ቴስላ

ገጽ 4
ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ


ገጽ 5
ኣወለፍቲ ነገራትን ሳዕቤናቶምን


ገጽ 9
ፍቕሪ ብተግባር


ገጽ 11
ወዕሎ ሓሙሻይ መድረኽ ዙር ዞባ ማእከል


# ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ፡ ንተመሃሮ ኮሌጃት ሰሚናር ኣካየዱ





ስእሊ. ሳይትኦም ሞጎስ

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ፡ ኣብ ኮሌጃት ስነ-ፍልጠትን ምህንድስናን ማይ-ነፍሒ፣ ኮሌጅ ጥዕናን ሕክምና ስነን ኦሮታ፣ ከምኡ'ውን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ኣስመራ፡ ንቕሓት ተመሃሮ ኣብ ሕግን ስነ-ምግባርን ኩብ ንምዕባል ዝሕግዝ ሰሚናር ኣካየዱ።

ብ6፡ 12ን 25ን መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ንተራ መንእሰያት ኣብ ምክልኻል ገበናት ብመንእሰያት ዝፍጸሙ ገበናትን ብሰፊሑ ዝገለጸ ኮሎኔል መሓሪ፡ መንእሰያት ንገበናት ካብ ዘቃልዑ ኣሉታዊ ተግባራት ክርሕቑን ኣብ ሕጊ ዘለዎም ኣፍልጦ ክዕብዩ፡ ከምኡ'ውን ብስነ-ምግባርን ክብርታትን ሕብረተሰቦም ክመላለሱ ኣዘኻኺሩ።

ኮሎኔል መሓሪ ወሲኹ፡ ኣብ ናይ 5 ዓመታት ስትራተጂካዊ ውጥን ፖሊስ ኤርትራ ሰፊሩ ካብ ዘሎ ነጥብታት ብምጥቃስ፡ ኣባላት ፖሊስ ኣብ ዝተመደብዎ ስራሕ ተወፋይነትን ዕቱብነትን ከርእዩ፡ ከምኡ'ውን ንኸሉ ተገልጋሊ ብኣኽብሮትን ምቕሉልነትን ክቕበሉ፡ ብብእዋኑ ስልጠናታት ከምዝወሃቦም ኣረዲኦም።

ኣብ ኤርትራ ዝገጥሙ ገበናት ከምዝቐለ ብምንጻር፡ ዝረጋገጹ ገበናት ብብዓይነቶምን ክብደቶምን መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ፈጸምቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣትዉሉ እንተኾኑ፡ እቲ ሳዕቤናት ከቢድ ስለዝኾነ፡ ተመሃሮ ክጥንቀቑን ኣብ ምክልኻሉ ኣበርክቶ ክገብሩን መኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ኮሎኔል መሓሪ፡ ገበን ናይ ምክልኻል ዕማም ብቐንዱ ሓላፍነት ህዝቢ ምዃኑ ብምሕባር፡ ወለዲ ባህርያት ደቆም ክከታተሉን ክፈልጡን፡ መንእሰያት ከኣ ሕማቕ ልምድታትን ናይ መዛኑ ጸልዋን ኣወጊዶም ኣብ ትምህርቶም ክድህቡ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም ኣስተምህሮ ሂወቶም ንኽምእዝዙ ዝሕግዞም ምዃኑ ጠቒሶም፡ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፣ ንዕሉላት ገበነኛታት ኣራሚ ፍርዲ ክብየኑሉም፣ ግናይ ተግባራት ንዝፍጽሙ ድማ ብመራኸቢ ብዙሃን ናይ ምቅላዕ ስራሕ ክቕጽል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት'ውን ንተመሃሮ ኮሌጅ ዓዲ-ቐይሕን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ዓሰብን ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ምሃቡ ዝዝከር'ዩ።

# ብምኽንያት ቀዳማይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ፡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ

“ንትንሳኤ ጥበብ ፊልም ኤርትራ” ብዝብል ቴማ ኣብ ዝተኻየደ ዘሎ ቀዳማይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ፡ ምስ'ቲ ዓውዲ ኣብ ዝተሓላለዙ ኣርእስትታት ዘተኩረ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ዝቐረበሉ ሰሚናራት ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ካብ 23 ክሳብ 27 መጋቢት ዝተኣንገደ ሰሚናራት፡ ኣብ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ፊልም ኣብ ኤርትራ፣ ዓለማዊ ኢንዱስትሪ ፊልም፣ ኩነታት ኢንዱስትሪ ፊልም ኣብ'ዚ እዋን፣ መጻኢ ኣመት ፊልምታትናን ክኸዶ ዝግብኦን ኣብ ዝብል ዛዕባታት ሞያውን ክኢላውን መብርሂታት ተዋሂቡ።

ኣብ መዕጸዊ ናይ'ቲ ሰሚናራት፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ ህሉው ዓቕምን ደረጃን ፊልም ሃገርና ንምርዳእ ከምእተበገሰ ብምጥቃስ፡ ዘይተሰርሓሉም መዳያት ናይ'ቲ ዓውዲ ብዝያዳ ንምልላይን ኣብኡ ዓቲቡ ንምስራሕን ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ገሊጹ።



ኣብ ሃገርና ዓውዲ ፊልም ሰረት ከምዝለዎ፣ ዝኸሎ ዓውዲ ድማ ብሓደ እዋን ከምዘይዓቢ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት፡ ብዓቢኡ ተሳትፎ ኩሉ ክፍልታት ዘውድቡ ስልጠናታት ግቡእ መልክዕ ክሕዙ፣ ከምኡ'ውን ቀጻልነት ተመሳሳሊ መደባት ክውሓስ ተላቢዩ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቴ ቀዳማይ ፈስቲቫል



ስእሊ.-ኣብርሃም በየን

ፊልም ኣስመራ ኣቶ ሞሃድ ሱሌማን ንኤሬና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝቐረበ ዛዕባታትን ምርኢትን ካብ ተሳተፍቲ ሃናጺ ርእይቶታት ከምእተረኽበ ብምሕባር፡ ሹቶታቱ ከምዝዘወቐዐ ኣረጋጊጹ።

ገጢ-ገጢ'ቲ ሰሚናራት፡ ኣብ ኣርባዕተ ሲነማታት ኣስመራ ማለት ሲነማ ኣስመራ፡ ሓሚሴን፡ ሮማን ኣምፐርዮ፡ ብሃገራዊ ቋንቋታት ዝፈረያን ካልእን ብሓፈሻ ልዕሊ 50 ፊልምታት ንምርኢት ይቐርብ ኣሎ።

ቀንዲ ዕላማ ‘ቀዳማይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ’፡ ህዝቢ ዝያዳ ድማ መንእሰያትን ተመሃሮን ንዝተሰርሐ ፊልምታት ከስተማቕሩ፣ ንኢንዱስትሪ ፊልምን ሞያውያን ናይቲ ዓውድን ድርኺት ንምፍጣር፣ ከምኡ'ውን ንቕሓትን ርድኢትን ዜጋታት ብዛዕባ ተራ ፊልም ኣብ ባህላዊ ወራር ንምብራኽ'ዩ።

ዜና

# ጋላ-ነፍሒ - ንእማመ ዓዳዊ ሕጋጋት ውራያት ዝምልከት ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፣ ንመጻኢ ዘገልግል እማመ ኣጠቓቕማ ዓዳዊ ሕጋጋት ውራያት ዝምልከት ዓውደ-ዘተ፡ ብ25 መጋቢት ተኻዪዱ።

ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ወከልቲ ናይ 32 ዓድታት ዝተሳተፍዎ ዘተ፡ ውራያት ቀጠባዊ ሃሲያ ብዘየውርድ መልክዕ ንኽካየዱ ብኮም ኣብ ዝተኣመመ ሕጋጋት ዘሎ ኣፍልጦን መረዳእታን ንምዕማቕ'ዩ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ሕጋጋት ምስ ኩነታትና ዝሰማማዕ ክኸውን ብዙሕ ጻዕርታት ከምዘተኻየደ ብምጥቃስ፡ ገለ ዓድታት ክጥቀማሉ'ኳ እንተጸንሑ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ተግባራዊ ንክኸውን ኣገዳሲ ኩይኑ ከምዝተረኽበ ኣብሪሁ።

እዚ ሕጋጋት ንሰራሕ ድልው ምዃኑ ጥራይ፡ እቶም ብእኡ ክጭብጡ ዝድለዩ ዕላማታት ክዕወቱ ከምዝይክእሉ ዝጠቐሰ ኣቶ መሓሪ፡ ዕቱብ ምክትታልን ምቁጽጻርን ከምዘድሊ ገሊጹ።

ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኮሎኔል ነታባይ ገብረሂወትን ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፡ ነበርቲ - እቲ ሕጋጋት ረብሓታቶም ንምዕቃብ ዝወጸ ምዃኑ ብምግንዛብ ንምትግባሩ ዓጸፋ ክሰርሑ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ንትግባረ ናይ'ቲ ሕጋጋት እትከታተል 13 ዝኣባላታ ኮሚቲ ክትቀውም ከሎ፡ እቲ እማመ ካብ 25 መጋቢት 2026 ጀሚሩ ተግባራዊ ንክኸውን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላትን ኣመሓደርትን ብዕቱብ ክሰርሑ ለበዋ ቀሪቡ።





ስኣሊ. ዙቤር ሲዕድ

---

# ሚኒስትሪ ዜና፡ ብዝተፈላለየ ሞያ ዘሰልጠኖም ተመረቕም

ሚኒስትሪ ዜና፡ ብኣርትዖት ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ ጥበብ ግራፊክስን ድምጺን ንሰለስተ ኣዋርሕ ዘሰልጠኖም ኣባላቱ፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን ቤት-ጽሕፈት ኣወሃሃዲ ምሕደራ ሞያዊ ጺጋ ሰብን ዝርከብዎም 29 ሞያተኛታት፡ ትማሊ 27 መጋቢት ኣመሪቑ።

እቲ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ዜና ሞያዊ ብቕዓት ኣባላትን ካልኦት ኣብ ሚድያ ዝነጥፉ ኣካላትን ኩብ ብምባል፡ ውጽኢት ሚድያ ብዓይነቱ እናተመሓየሸን ምስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ እናሰጉመን ከም ዝኸይድ ንምግባር ብቐጻሊ ዘሰላስሎ ስራሕ'ዩ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ዓብዱላሂ መሓመድኑር ዳምር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዘጣመረ ስልጠና፡ ኣብ መሰረታዊ ጥበባት ኣርትዖት ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ መሰነይታ ግራፊክስ፡ ውህደት ድምጺ፡ ሕብርን ቅርጺታትን፡ ከምኡ'ውን ዋሕዚ ኣዘናትዋ ብስእሊ፡ ፈጠራን መሃዘኑትን ዘጠቓለለ ምንባሩ ገሊጹ።

ሰልጠንቲ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ዝሰርሕዎ መርኣያታት ድማ፡ ንኣድማዕነት ናይ'ቲ ስልጠና ዝመስከረ ዝኣድ ውጽኢት ምንባሩ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ንዘርኣይዎ ልዑል ተገዳስነትን ባህግን ሞጒሱ።



ስእሊ-ኣብርሃም በየን

እቲ ስልጠና ብውሽጣዊ ዓቕሚ፡ ብምኩራት ሰብ-ሞያ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ዜና'ዩ ተዋሂቡ።

ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ንሚኒስትሪ ዜና፡ ከምኡ'ውን ንብቕዓትን ተገዳስነትን መምህራን ድሕሪ ምምጓሱ፡ እቲ ስልጠና ምስ'ቲ እዋኑ ዝጠልቦ ክእለት፡ ማለት ምውሳብ ኩሉ ዓይነት ሞያታት ጋዜጠኝነት ዝቃዶ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስልጠና ምንባሩ ገሊጹ። ምስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ብምስጓም ፍርያትና ብዓይነቱ ብሉጽ ንክኸውን፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠናታት ክድፋኣሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴለቪዥን ኣቶ ኣስመላሽ ኣብርሃ፡ ንተሳተፍቲ ስልጠና ሰርቲፊኬት፣ ንብሉጻት ድማ ሽልማት ዓዲሉ።

---


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284


# ሕርሻታት ሰሜናዊ ምዕራብ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ምምላእ ጠለባት ልዑል ተራ ይጻወት ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ትሕቲ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ዝመሓደር ሕርሻታት ሰሜናዊ ምዕራብ ጋሽ-ባርካ ፈጢርዎ ዘሎ ናይ ስራሕን ልምዓትን ባይታ፡ ኣብ ምርግጋጽ መኣብሮ ነበርቲ ልዑል ተራ ይጻወት ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣኪያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ሕርሻታት ኣቶ ገብረቃል ኣረንያስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ሞንጎ ፈረቃ ኣፍሃምባል፡ ከርከበትን ሞለብርን ኣሕምልትን ፍረታትን ናይ ቅብኢ ኣዝርእትን ኣሕምልቲ፡ ከምኡ'ውን ጥረታት ይለምዕ ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ዜጋታት ብዘርኸብዎ ናይ ስራሕ ዕድልን ተመኩሮን ርጉእ ህይወት ክመርሑ ከምዝኸኣሎም ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ሕርሻታት ብሓፈሻ ኣብ ከርከበትን ኣፍሃምባልን ድማ ብፍላይ ንዓመት ምሉእ ዘቐጸል ናይ ስራሕ ዕድል ምፍጣሩ፡ ነበርቲ ምስ ዘመናዊ ማሳናዊ ሕርሻ ክለለዩን ልምዲ ስራሕ ከጥርዩን ከምዝሓገዞም ዝጠቐሰ ኣቶ ገብረቃል፡ ዘድሊ ተመኩሮን ብቕዓትን ተደሊቡ ስለዘሎ፡ ሰፋሓት ዝለምዕ መሬትን ዓይነት ፍርያትን ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ከርከበት ኣቶ ገብረመድህን ኪዳ ብወገኑ፡ ዝሰፍሐ ክፋል ሕርሻታት ሰሜናዊ ምዕራብ ዝቐደሉ ፕሮጀክት ሕርሻ ከርከበት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዝገበሮ ዘሎ ዓይነታዊ ለውጢ፡ ነበርቲ መኣብሮኦም ዝመርሑሉን ልምዲ ስራሕ ዘጥርዩሉን ዕድላት ፈጢሩ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ፕሮጀክት ንኹለመዳያዊ ምንቅስቓስ ናይ'ቲ ከባቢ ብጽውታ ከምዝጸለዎ ኣብሪሁ።

ነበርቲ ድማ፡ ኣብ ከባቢኦም ዝቐየድ ዘሎ ሕርሻዊ ልምዓት ዓይነት መኣብሮኦም ክቕይሩ ከምዝሓገዞም ብምግላጽ፡ ኣብ ሰጎኣንማዊ መኣብሮን ናይ ግዝ ስራሕን ጥራይ ተደሪቶን ዝነበራ ደቂኣንስትዮ ከይተረፋ፡ ምስ ማሳናዊ ሕርሻ ክላለያን ናይ ስራሕ ልምዲ ከጥርያን ምብቓዐን ውጽኢት ናቱ ምዃኑ ገሊጾም።

# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10 ተስላ 4ይ

## “ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ” ዘብሎ ምኽንያታት

ተስላ፡ ኣብ ኒውዮርክ ናቱ ቤት ምርምር ምስ ወነነ፡ ከይደንጎየ ዘደንቕ ኤግዝቢሽናት ከዳሉ ክኢሉ ነበረ። ሰብ ንተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (AC) ከም ሓደ ዓቢ ስግኣት ይፈርሖ ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ፍርሒ ንምጥፋእ ሓደ ኤግዚቢሽን ኣዳለወ። ኣብቲ ኤግዚቢሽን፡ ኤለክትሪክሲቲ ብዘይ ገመድ ብኣካሉ ብምሕላፍ ኣምፑል ከብርህ ዘርኢ ነበረ። ነዚ ምኽንያት ብምግባር ስድራቤታት ኒውዮርክ ኣብ ገዛ ንኽምህር ክዕድሞኦ ጀመሩ። ናይ ተስላ ጥናግ፡ ብ1891 ዝምሃዞ፡ ሎሚ ኣብ ተለቪዥን፡ ሬድዮ፡ ኣዳፕተር፡ ቻርጀርን ካልእ ኤለክትሮኒክያዊ መሳርሒታት ንጥቀመሉ ኣለና።

ብ1898 ተስላ ብሪሞት እትቕለስ ተለ-ኣውቶማቲክ ጃልባ ከም ዝምሃዘ ገለጸ። ንኸሉ ሰብ ሃንደበትን ክስእሎ ዘይክእልን ምህዞ ምስ ኰነ፡ “ሓሶት’ዩ፡” ብምባል ኣብ ጥርጣረ ነበረ። ተስላ ነዚ ንምርግጋጽ ኣብ ማዲሶን ኣብ ቅድሚ ብዙሕ ህዝቢ ብምርኣይ፡ ሓደ ካብ ብስሙ ዝሰፈሩ ዋንነት ምህዞ ከም ዝኸውን ገበረ። ተስላ ንዓለም ምሉእ ጸዓት ከም ዝባጻሕ ክግበረሉ ዝኽእል መገዲ ከም ዘሎ ምግላጹ ኣብ ዝሓለፉ ሕታማት ተንኪፍናዮ ነይርና። ካብ ግንቦት 1899 ክሳዕ መጀመርታ 1900 ዝነበረ ግዜ፡ ነዚ ሓሳብ ንምፍታን እዩ ኣጥፊኡዎ። ኣብዚ ፈተነ ከኣ ብስሙ ንዝተቐመጠ ዋንነት ምህዞ ሓደ ኣገዳሲ ርኽበት ወሲኹሉ፣ ቀዋሚ ምድራዊ ማዕበል (terrestrial stationary waves)። በዚ ርኽበት መሬት ከም ሓደ መተሓላለፊ መገዲ ተጠቒምካ፡ ብሓደ ዝቃነ ኤለክትሪክያዊ ምንብድባድ ኣብ ዝተወሰነ ድግምጋም፡ ሓበሬታ ምትሕልላፍ የኽእል። ተስላ በዚ ምህዞኡ፡ ኣብ ኣርባዓ ኪሎሜትሮ ብዘይ ገመድ ኤለክትሪክ ዝተዘርግሓ 200 ኣምፑላት ከብርህ ክኣለ። ክሳብ 41 ሜትሮ ዝዕቀን ሰብ ዝሰርሖ በርቂ ክሰርሕ ዝኽኣለ ተስላ፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ ካብ ካልእ ፕላኔት ሓደ ኤለክትሪክያዊ ሓበሬታ ከም እተቐበለ ርጉጽ ኲይኑ ይገልጽ ነይሩ።

ብዓል ድንቂ ኤለክትሪክያዊ ፈጣሪ ማሽን ኣእምሮ ተስላ፡ ኣብ ንእስነቱ ኣዘዩ ስማዕን ሓታትን ነበረ። ነቲ ብኣንከሮ ዝዕዘቦ ነገራት ቀልጢፉ ኣንቢቡ ግብረ መልሲ ክህብ ኣይሸገሮን። ወትሩ ከኣ ንመምህራኑ ምስ ኣደነቐ’ዩ። ብርቱዕ ናይ ቊጽርን ስነ ፍልጠትን ተምሳጥ ዝነበሮ ኒኮላስ ተስላ፡ መሃንድስ ናይ ምኻን ዓቢ ባህጊ ነበሮ። እንተኾነ፡ ኣቦኡ ኣሰሩ ክስዕብ ጸቕጢ ይገብረሉ ስለ ዝነበረ፡ ሕሉፍ ባህጊ ምህንድስና ኣብ ልቡ እናንደደ ዘረባ ኣቦኡ ሰመዐ። ኣብ 17 ዕድመኡ፡ ሕማም ሸሮኽ ተታታሕዞ። ኣቦኡ ከኣ “ካብዛ ሓማም ብሰላም እንተ ተገላጊልካ፡ ኣውስትርያ ኣብ ዝርከብ ፖሊተክኒክ ቤት ትምህርቲ ከምሃረካ’የ፡” ክብል ቃል ኣተወሉ። ዓለም ርብሒ ኢሉዋ ከኣ ተስላ ሓወየ። ኣቦኡ ከኣ ከም ቃሉ ናብ ግሬዝ ኣውስትርያ ለኣኾ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ስነ ኪነት መካኒካልን ኤለክትሪካልን ምህንድስና ትምህርቲ ይወስድ ነበረ። ግሬም ዲናሞ፡ ብዘይ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC) ዝሰርሕ ናይ መጀመርታ ዲናሞ’ዩ። ነዚ ኣብ ክፍሊ ኲይኑ እናተማህሮ፡ ግሬም ዲናሞ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ምስ ረኸበ ከም ሞተርን ጀነረተርን ኲይኑ ከም ዘገልግል መምህሮም ነገሮም። ተስላ ደጋጊሙ ብምርኣይ መተሓላለፊ ነገር ብምጥቃም ብፍኹስ ዝበለ ብልጭታ ተመሳሰሊ ነገር ክግበር ከም ዝከኣል ሓሰበ። ኣብ ቅድሚ ክፍሉ ከኣ ንመምህሩ ኣካፈሎ። በዚ ዝተደነቐ መምህሩ፡ “እዚ ንሓደ ቀጻሊ ምንቅስቓስ ዘሎዎ ማሽን ከስርሕ ዝኽእል ሓሳብ’ዩ፡ ” ብምባል ብኣድናቖት ተስላ ደገፎ። ኣብ ዝሰዓቡ ዓመታት፡ እዚ ሓሳብ’ዚ፡ ንተስላ ካብ ኣእምሮኡ ምእላይ ኣብዩ ድቃስ ከልኦ። ነዚ ብድሆ ክገጥሞ ምስ ጀመረ ከኣ ናብ ምህዞ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ መርሖ።

“ሓደ ኣጋ ምሸት…” ይብል ተስላ ሓደ ግዜ ባዕሉ፣ “… ምስ ሓደ ዓርከይ ኣብ ሲቲ ፓርክ እናተዛወርና፡ በብእብረ ግጥምታት ንደግም ነበርና። ኣብቲ ዕድመይ ንምሉእ መጽሓፍ ቃል ብቓል ብልበይ ጽቡቕ ገይረ እዝክሮ ነይረ’የ። ሓንቲ ካብኣን ‘ፋውስት’ እትብል ናይ ጎተ ግጥሚ’ያ። ጸሓይ ኣብ ምዕራብ’ያ ነይራ። እቲ ግዜ ንሓንቲ ትምስገን ማይ ቤት ናይታ ግጥሚ ኣዘከረኒ።

*‘… ባና ምስ ኣንስሓበ፡ ናይ ጻዕሪ መዓልቲ ምስ ተወደአ*

*ብናይ ማዕዶ ሃዋኽ፡ ሓድሽ ህይወት እንክድህሰስ*

*ሓደ’ኳ የለን ካብዚ መሬት ዘልዕለኒ*

*ኣሰሩ ክስዕብ፡ ኣብ ኣሰሩ ከንሳፍፍ…’*

ነዚ ደራኺ ቃላት ምስ ኣድመጽኩ፡ ሓደ ሓሳብ ከም በርቂ መጽኣኒ። ኣብታ ኣጋጣሚ ሓደ ሓቂ ተጋሂዱለይ። ብበትሪ ገይረ ኣብቲ ሑጻ ሓደ ዲዛይን ሓንጺጸ። እቲ ኣብቲ ሑጻ ዝሰኣልኩዎ ዲዛይን፡ ድሕሪ ሸዱሽተ ዓመት ናብ ኤለክትሪካል መሃንድሳት ኢንስቲትዩት ኣሜሪካ ዘቕረብኩዎ እዩ ነይሩ።” እቲ ተስላ ኣብ ሑጻ ዝሰኣሎ ንድፊ፡ ናይቲ ንዓለም ዝቐየረ ምህዞ ኢንዳክሽን ሞተር ነበረ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ሕታማት ናይዚ ዓምዲ፡ ንተስላ “ስነ-ፍልጠታዊ ፈጣሪ” ዘብሉዎ ሰለስተ ነጥብታት ኣቕሪብና። 4ይን 5ይን ከኣ ይስዕብ፥

### 4. ናይ ምሕሳብ ዓቕሚ ኣኣምሮኡ

ገለ ሰብ ተስላ ንዓበይቲ ምህዞኡ፡ ንኢንዳክሽን ሞተር ሓዊስካ፡ ኵሉ ኣብ ኣእምሮኡ ከም ዝሃነጾ’ዮም ዝነግሩ። ዘይከም ኤዲሰን። ኤዲሰን ስርሑ ብሃሰሰ ለባም ፈተነታት እናገበር’ዩ ዝሰርሖ ነይሩ። ኵሉ ንርኽበቱ ዝመርሖ ኣገባባት፡ ካብ ፈተነ ዝተረኽበ ትምህርቲ እዩ። ተስላ ግን ንዝበዝሖ ኣቓዲሙ ኣብ ኣእምሮኡ ዝሰርሖ’ዩ። ኵሉ መስርሓት ናይ ምህዞኡ፡ ብዓይኒ ሕልናኡ ኣቓዲሙ የስርሖ። በዚ ከኣ ዝጐደለ ኲይኑ ዝስምዖ እናመልኦ ኣብ መወዳእታ ናብ ፈተነ ይሰግር ነበረ።

ተስላ ብኣእምሮኡ ኣቓዲሙ ይሰርሖ ብምንባሩ፡ ብዝርኣን ዝሰማዓን ኣመል ምህትፍታፍ ነበሮ። ብዙሓት ንጥዕና ኣእምሮኡ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዮም ገለጹዎ። ምንብድባድን ብርቱዕ ብርሃንን ቅድሚ ካልእ ሰብ ይስምዖ። ካብ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ነገራት - ከም ናይ እዝኒ ስቕሬን - እውን እፈርሕ’ዩ ዝነበረ። ፈንፋኒ ብምንባሩ፡ መግቡ ሸው ዝበሰለ ውዑይ መግብታት ነበረ። ሓደ መሳርሕቱ፡ ሓደ ግዜ ሳምፕል ናይ ዘይፈልሖ ማይ ብማይክሮስኮፕ ምስ ኣርኣዮ ዘጥረዮ ፎብያ ምኻኑ ድማ ይንገር። ፍሉይነት ተስላ ንማሕበራዊ ዝምድናኡ ኣይጸለዎን። ጋዜጠኛታትን ኣዕሩኹን፡ ተስላ፡ ጨዉ ዘሎዎ፡ ትሑትን ጥዑም



ዘረባኡን ምንባሩ’ዮም ዝገልጹ።

ተስላ ንብዙሕ ኳልኩሌሽናት ኣብ ኣእምሮኡ ክሰርሖ ኣይሸገርን ነይሩ። ኣብ ቍልዑነቱ ንኢንተግራል ኳልኩላስ ብዘይ ደገፍ ቢሮን ወረቐትን ክምልሶ እንከሎ፡ መምህራኑ ቀዲሑ ዝምልስ ዘሎ ይመስሎም ነበረ። ዓቢ ዓቕሚ ናይ ቊጽሪ ዝነበሮ ተስላ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ብልጫኡ፡ ናይ ምቕማር ዓቕሚ ኣእምሮኡ እዩ።

### 5. ስሙ ኣሃዱ ናይ ሓደ ዓቐን ምኻኑ

ብስም ተስላ ዝጽዋዕ ሓደ መዐቀኒ ኣሃዱ ኣብ ፊዚክስ ንምሃር ኢና። ዓለምለኻዊ ስርዓት ናይ ኣሃዱታት (SI units) ዝወሃብ ስም፡ ብዋዛ ዝወሃብ ኣይኮነን። ዝበዝሐ ብስም ሰብ ዝጽውዑ መዐቀኒ ኣሃዱታት፡ ጭቡጥን ቅቡልን ምኽንያት ኣሎዎም። ብልሉይ ኣብርክቶን ከፋቲ በሪ ርኽበታቶምን፡ ብድሕሪኦም ዝተዋህበ መጸውዒ እዩ። ስም ተስላ መጸውዒ ሓደ መዐቀኒ ኣሃዱ ዝኾነ’ውን ብዋዛ ኣይኮነን። ብዘይካ ተስላ ብዙሓት ስነ ፍልጠተኛታት ብስሞም ዝጽዋዕ መዐቀኒ ኣሃዱታት ኣሎ። ከም ኒውቶን፡ ኣምፐር፡ ኦህም፡ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል።

ተስላ፡ ከም ካርል ፍረደሪክ ጋኡስ፡ ንመዐቀኒ ኣሃዱ ጻዕቂ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት (magnetic flux density) ብስሙ ክጽዋዕ ተወሲኑ። ብዘይካኡ ንመዐቀኒ ኣሃዱ ማግኔታዊ ኢንዳክሽን ብ‘ተስላ’ ክጽዋዕ እንከሎ፡ ኣብ ገለ ግዜ’ውን ንዝለዓለ ድግምጋም (ፍሪኴንሲ) ዘሎዎ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ‘ናይ ተስላ ዋሕዚ ኤለክትሪክ’ ይብሃል ነይሩ’ዩ።

1ተስላ=1ወበር/ስፍሓት - ትርብዒት ሜትሮ

Flux density (B)= Flux (Φ)/ area through which flux passes (A)

$\Phi = BA$

1 ተስላ= 10,000 ጋኡስ። ጋኡስ ካብ ስነ ፍልጠተኛ ካርል ፍረደሪክ ጋኡስ ዝወጽአ ስም ኲይኑ፡ ዝበዝሐ ግዜ ስነ ፍልጠተኛታት ንኣዝዩ ድኹም ማግኔታዊ ክሊ ዘሎዎ ንምዕቃን ይጥቀሙሉ። ወበር ከኣ ድሕሪ ስነ ፍልጠተኛ ዊልሀልም ኤድዋርድ ወበር ዝተዋህበ ኲይኑ፡ ንማግኔታዊ ጸዓት ኣብ ሓደ ቦታ ዝዕቅን ኣሃዱ እዩ።

…

### ማግኔታዊ ዋሕዚ ጸዓትን ጻዕቁን (Flux and Flux density)

ተስላ፡ ብስሙ ዝጽዋዕ መዐቀኒ ኣሃዱ ከም ዘሎ ርኢና ኣለና። ምስኡ ተዛሚዱ ዝኸይድ ስነ ፍልጠተኛ’ውን ኣሎ ዊልሀልም ኤድዋርድ ወበር። ክልተኦም ኣብ ማግኔታዊ ዋሕዚ ጸዓትን ጻዕቁን ንዝለው መዐቀኒ ኣሃዱታት ስሞም ዝተወከለሎም እዮም። ነዚ ክልተ ማግኔታዊ ኣምራት ኣብ ፊዚክስ ንምሃሮ ኢና። ብቐሊሉ ንምርድኡ ንሓንቲ ተራ ባር ማግኔት ከም ኣብነት ንውሰድ።

ኣብ ዙርያ እዚ ማግኔት ዝፍጠር ማግኔታዊ ክሊ (magnetic field) ኣሎ። እዚ ክሊ ኣብ ዙርያ ማግኔት፡ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት ክፍጠር የኽእል። ነዚ ማግኔታዊ ጸዓት ዓቐኑ፡ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት (ማግኔቲክ ፍላክስ - Φ) እዩ። ኣብ ስእሊ ከም እንርእዮ ካብ ሰሜናዊ ዋልታ ናይቲ ማግኔት ናብ ደቡባዊ ዋልታ ዝውሕዝ ብቐስቲ ዝተመርሐ ሕንጻጻት ይርአ ኣሎ። ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት (Φ) ምኻኑ እዩ። ምልክቱ ‘Φ’ ክኸውን እንከሎ፡ መዐቀኒ ኣሃዱ ከኣ ወበር (Wb) ይብሃል።

እዚ ማግኔታዊ ዋሕዚ ኣብ ዝተወሰነ ስፍሓት ክውሕዝ እንከሎ፡ ካብ ሓደ ነጥቢ ናይቲ ማግኔት ናብ ካልእ ነጥቢ ይቀያየር እዩ። ኣብቲ ክሊ ዝተሳእለ ክልተ ዓንኬላዊ ቅርጺ ዘሎዎም፡ ብ‘A’ን ‘B’ን ዝተመልከቱ ርኣዩ። ኣብ ነጥቢ ‘B’ ዘወሓደ ብዝሒ ሕንጻጻት ማግኔታዊ ክሊ በቲ ዓንኬል ይሓልፉ ኣለው። ኣብ ነጥቢ ‘A’ ድማ ዝወሓደ። እተን ክልተ ዓንኬላት ‘A’ን ‘B’ን ከም ሓደ ዝተወሰነ ስፍሓት ዘሎዎ ቦታ ንውሰዶ። ኣብዚ ውሱን ስፍሓት ዘሎዎ ክልተ ቦታታት ዘሎ ጻዕቂ ሕንጻጻት ማግኔታዊ ክሊ በበይኑ እዩ። እዚ ሕንጻጻት ከኣ ንዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት (ፍላክስ) ወኪሉ ኣሎ። ንደረጃ ጻዕቂ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት እንዕቅነሉ መዐቀኒ እምበኣር ጻዕቂ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት (ማግኔቲክ ፍላክስ ደንሲቲ - ‘B’) ይብሃል። እዚ ከኣ ምልክቱ ‘B’ ክኸውን እንከሎ፡ መዐቀኒ ኣሃዱኡ ከኣ ‘ተስላ’ እዩ።

1 T = 1 $Wbm^{-2}$ ወይ 1 T = 1 $Wb/m^2$



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ


# ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ

ስምኦን ሓጎስ

**ዘመናዊ ዝብል ቃል ንኣቓልቦና ክስሕብ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ከም ሰባት፡ ኩሉ ዘመናዊ ክኾነልና ንደሊ ኢና። ነገራት ግዚኦም ዝሓለፈ ክኾኑልካ ምድላይ ድማ ጌጋ ኣይኮነን። እንተኾነ ብስም ዘመናውነት ተሸፊኖም፡ ዝበላሸዉን ልክዕነቶም ዘጥፍኡን ነገራት ከም ዘለዉ ምዝካር ከኣ ናይ ብሓቂ ልቦና እዩ። ዘመናዊ እናተባህለ ዝጅልሑ ጽባቐታት ኣለዉ። ገለ ካብዚኣቶም እምበኣር፡ ሕርሻን ሕርሻዊ ፍርያትን እዮም። ዘመናዊ ኣገባባት ሕርሻ ምትእትታው ጽቡቕ'ዩ። ዘመናዊ ቀመማትን ተፈጥሮኣውነቶም ዘጥፍኡ ዝተመስርሑ ፍርያትን ከ ጠቐምትና ዶ ጎዳእትና፧ ኣብዚ መዳይ ርድኢትና ንምዕባይ እምበኣር፡ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ንመወከሲ ጽሑፍ ባህርያዊ ድኹዒ መሰረት ብምግባር ኣዳልያትልና ንዘላ ትሕዝቶ ንከታተል።**

**'ጥሙርን ውሁድን ባህርያዊ ሕርሻ' ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ፧ ካብቲ ልሙድ ሕርሻ ኸ እንታይ ይፈልዮ፧**

ነዚ ፍልልይ'ዚ ንምርዳእ፡ ነዘን ዝስዕባ ሓረጋት ብግቡእ ምግላጽ የድሊ።

1.**ባህርያዊ ሕርሻ፣**

ባህርያዊ ድኹዒ (ኮምፖስት)፡ ባህርያውያን ፈሰስቲ ድኹዒን ባህርያውያን ኣገባባትን ተጠቒምካ ዝካየድ ዓይነት ሕርሻ እዩ።

2.**'ጥሙርን ውሁድን' ዝብል ሓረግ እንታይ ይገልጽ፧**

ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ባህርያዊ ሕርሻ ብዝተወሃሃደ ኣገባብ ተወዲኖምን ተመላሊኦምን ዝኸዱሉ ምሕዱር ኣገባብ ሕርሻ'ዩ፡ ጥሙርን ውሁድን ዝብሃል። ዝተፈላለዩ ፍርያት ሕርሻ ንሓድሕዱ ብዝመላላእ ውሁድ ኣገባብ ክካየዱ ከም ዝኽእሉ፡ ተፈቲኑ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝሰራሓሉ ዘሎን ውጽኢታዊ ኣገባብ'ዩ። ምህርትታት ሕርሻ ጥራሕ ዘይኮነ ድማ እንተላይ ምፍራይ እተፈላለዩ እንስሳታት'ውን የጠቓልል።

3.**ባህርያዊ ድኹዒ ዝበሃል ከመይ ዝበለ እዩ፧ ብምንታይ ከ ይሰራሕ፧**

ባህርያዊ ድኹዒ ማለት ኮምፖስት፡ ብተፈጥሮኣውያን ጥረ ነገራት ከም ተረፍመረፍ ሕርሻዊ ምህርቲ፡ ቆጽለመጽሊ፡ ዘቤታዊ ጐሓፍን ካልእን ዝስራሕ ባህርያዊ ጸጋ እዩ። ነዚ ንምድላው ኣዝዮም ደቀቕቲ ታህዋስያን ካብ ሓመድ ብምእካብን ምርባሕን፡ ኣብ ዝተዳለዉ ባህርያውያን ጥረ ነገራት ብምንስናስ፡ ቀልጢፎም ተበላሊያም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕሉ ብምግባር ዝስራሓሉ ኣገባብ'ዩ። እዞም ነፍሳት'ዚኦም፡ ንምስራሕ ፈሳሲ ድኹዒ'ውን ይጠቕሙ። ባህርያዊ ድኹዒ ብሓገዝ እዞም ደቀቕቲ ነፍሳት ዘበርክቶ ኣስተዋጽኦ ብዙሕ'ዩ። ንኣብነት፡

- ሓመድ ንኣትክልቲ ዘድልዩ ባእታታት ከምዝቕርብን እኹል ማይ ከምዝዕቅብን ይገብሮ
- ውሑስ ኣከባቢ ይፈጥር
- ቅርጽን ትሕዝቶን ሓመድ የመሓይሽ
- ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣብ ምፍራይ ይሕግዝ... ወዘተ።

ከም ኣገላልጻ ኣቦ ወንበር ሽማግለ መርኣያ ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ኣቶ ደርማስ ሱልጣን፡ ጥሙርን ውሁድን ባህርያዊ ሕርሻ ማለት፡ ባህርያዊ ድኹዒንባህርያዊ ኣገባባትን ተጠቒምካ፡ ብዙሓት ምህርቲ ሕርሻን እንስሳታትን ኣብ ውሱን መሬት ብውህደት ከምዝፈርዩ ምግባር እዩ። ጥሙርን ውሁድን ባህርያዊ ሕርሻ እምበኣር፡ ንኹሎም እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ኣምራት ዝጠርነፈ ሰፊሕ ኣምር ሕርሻ እዩ። እዚ ኣዝዩ ኣርባሕን ውጽኢታውን ምኳኑ ዝእመነሉ ኣገባብ፡ ናብ ኩሉ ሓረስታይ ሃገርና ንምትእትታው ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። በዚ መሰረት ኣብ ኣስመራ ከባቢ ኣኽርያ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝእለ ሓደ መርኣያ ብ2021 ተመስሪቱ ይርከብ። ረብሓታት ናይዚ መደበር መርኣያ ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ብቓላት ኣቦ ወንበር ኣቶ ደርማስ ሱልጣን



ክግለጽ እንከሎ፡ ነዞም ዝስዕቡ ንምርዳእ የኽእል።

- ምትብባዕ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዓትን
- ኣገባብን ጥቕምታትን ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ
- ኣየናይ ዓይነት ድኹዒ፡ ጸረ ባልዕ፡ ምህርቲ፡ ንጥፈት፡ ኣገባብ... ዝያዳ የርብሕ፧ ብኸመይ፧
- ግብራዊ ትዕዝብቲ፡ ፈተነ፡ ሜላታትን ስልጠናታትን ንምቕሳም ከምኡ ድማ፡ ኣገባባት ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ ናብ ኩለን ዞባታት፡ ንኡሳን ዞባታትን ኩሉ ሓረስታይን ብትኽክል ንምሕላፍ የኽእል።

ኣካያዲ ስራሕ ናይዚ መርኣያ ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ ኣኽርያ፡ ኣቶ ሚካኤል መድሃኔ ብዛዕባ'ዚ መርኣያ ክገልጽ እንከሎ ከምዚ ይብል። እዚ ብትሑት ዓቕሚ ዝጀመረ ኣገባብ፡ ረብሓታቱ ካብ ምግንዛብ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ደረጃ ትካል በጺሑ ይርከብ። ዕላማ ናይዚ ትካል ድማ፡ ኩሉ ባህርያዊ ኣገባባት (ባህርያዊ ድኹዒ/ ደረቕን ፈሳስን፡ ባህርያዊ ጸረ ባልዕ፡ ባህርያዊ ፍርያት...) ተረዲእካ ብግብሪ ሰሪሕካን ኣፍሪኻን ናብ ተጠቀምቲ ንምብጻሕ እዩ። ከምኡ ድማ፡ ዝኾነ ግብራዊ ትዕዝብትን ትምህርትን ንዝደሊ ኣፍራዩ፡ ምሉእ ኣገልግሎት ንምሃብ ዝዓለመ እዩ።

እዚ ልዕሊ 13 ዓይነታት ኣሕምልቲ ፈቲኑን ዘተባብዕ ምህርትን እኹል ተመኩሮን ደሊቡ ዝርከብ መርኣያ ባህርያዊ ሕርሻ ኣኽርያ፡ ካብ 2026 ጀሚሩ ዘድሊ ትምህርታዊ መደባት ናብ ሓረስቶት ንምብጻሕ ተዳልዩ ይርከብ። ኣብ ኩለን ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን መርኣያ ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ንምምስራት ከኣ ይሰራሓሉ ኣሎ።

ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብማሕበር ተጠርኒፎም፡ ኣብ መርኣያ ውሁድ ሕርሻ ኣኽርያ ዑደት ድሕሪ ምክያዶም ብዛዕባ ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ዝሃቡዎ ምስክርነት፡ ብኸፊል ይስዕብ።

**ኣቶ ኢብራሂም ዑመር፡** "ባህርያዊ ድኹዕን ጸረባልዕን፡ መበቆላዊ ዝኾነ ምሩጽ ዘርኢ፡ ብኣፍልጦ ዝግበር ባህርያዊ ኣገባባትን በብዓይነቶም ፍርያት ሕርሻን ብውሁድ ኣገባብ ምጥቃም ማዕረ ክንደይ ኣርባሒን ቀሊልን ምኳኑ ብግብሪ ክመሃር ክኢለ። ኣብ ባይታ ከተግብሮን ንኻልኦት ሓረስቶት ከካፍልን ድማ ቅሩብ'የ፣" ይብል።

**ወይዘሮ ስዒዳ ሳልሕ፡** "ኣዝዩ እዋናውን ኣገዳስን ትምህርቲ ቀሲመ። ካብ ኣስተምህሮ ሓሊፉ፡ ብዙሕ ዘይፈልጦ ኣገባባት ብግብሪ ተዓዚበ። ኣዝዩ ድማ ሕጉስቲ'የ።"

**ወይዘሮ ኢለን መልኣከ፡** "ኣብ ውሱን መሬት፡ ብቐሊል ኣገባብ፡ ዝተፈላለዩ ምህርቲ ሕርሻ ከመይ ከምዝርከቡ ርእየ። ግቡእ ኣሰራርሓ ባህርያዊ ድኹዒ፡ ብሉጽ ኣተሓሕዛ መሬት፡ ውጽኢታዊ ኣዘራርኣ ዘራእቲ፡ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ማይ፡ ዝሓሸ ኣገባብ ኣፈላልሳ ብቑሊ.... ብግብሪ ተዓዚበን ተማሂረን።"

**ኣቶ ከሊፋ ሓሰን፡** "ኣዝዩ ዘሐጉስን ዘነቓቕሕን ኣገባብ'ዩ ብሓቂ። እዚ ጉልበት ዝዕቅብን ምህርቲ ዘዐቢን ባህርያዊ ኣገባብ ሕርሻ፡ ኣዝዩ ብሉጽ ኮይኑ'የ ረኺበዮ። ኣብ ቦታና ብግብሪ ክንሰርሓሉን ክንምህረሉን ኢና።"

ተመሳሳሊ ርእይቶ ናይ ብዙሓት በጻሕቲ ነይሩ። እዚ ዘርእየና እንተሎ፡ ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ኣዝዩ ውጽኢታውን ኣርባሕን ኣገባብ ሕርሻ ምኳኑ እዩ። ስለዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ኩለን ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን፡ መርኣያ ውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ብምምስራት፡ ሓረስቶት ሃገርና ክኽተሉዎ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ ኣገባብ፡ ኣፍራይነት ኣብ ምዕባይን ጥዕና ሰብና፡ ጥሪትና፡ መሬትናን ኣከባቢናን ኣብ ምውሓስን ኣዝዩ ኣዝዩ ዓቢ ኣስተዋጽኦ እዩ ዘለዎ። 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!' ንዝብል መትከል ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘሰምር ኣገባብ ድማ'ዩ። ኣብ ውሱን መሬት፡ ዝተፈላለዩ ምህርቲ ሕርሻን እንስሳታትን ብምፍራይ፡ ንኣፍረይቲ ሓረስቶት ኣርቢሑ ንህዝብናን ዕዳጋታትን ዘርግእ ውሑስ ኣገባብ እዩ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተፈቲኑ፡ ርኡይ ዝኾነ ውጽኢታውነት ዘተረኽቦ ኣገባብ ሕርሻ ምኳኑ ክስመረሉ ይግባእ።

## ቴክኖሎጂ ሕርሻ

### ጸርጊ ጥራሕ ተጠቒሙ ጻህያይ ዝቐትል መሳርሒ ይምዕብል

ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ኒቪዲያ ዝተባህለ ኩባንያ፡ ጸርጊ ለይዘር (laser beams) ተጠቒሙ ኣብ ሰፊሕ ግራውቲ ንጻህያይ ፈልዩ ዝቐትል ሮቦት ከም ዘማዕበለ ኣፍሊጡ። እቲ 'LaserWeeder G2' ዝተሰምየ ሮቦታዊ መሳርሒ፡ ኣብ ትራክተር (ብድሕሪት) ዝጸዓን ኰይኑ፡ ንእኽሊ 99 ሚእታዊት ፈጺሙ ከይተንከፈን ከሚካላት ከይተጠቐመን ነቲ ጻህያይ ዘበለ ጥራሕ እናፈለየ ኣነጻጺሩ ብጸርጊ ብምህራም ዘሕርር ወይ ዝቐትል እዩ - ብመሰረት እቲ ኩባንያ ዝዘርግሖ ሓበሬታ። እዚ ማለት፡ ፈለማ ልዑል ንጻረ ዘሎዎ ካሜራ ተጠቒሙ፡ ነቲ ዝጽህ ግራት ይስእሎ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ክዉን ግዜ፡ እኽልን ጻህያይን ንምፍላይ ኣብ ልዕሊ ሚልዮናት ኣሳእል ናይ ዘራእቲ ዝተለማመደ ናይ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ሞዴል ተጠቒሙ፡ ነቲ ጻህያይ ዘበለ የለልዮ'ሞ፡ ልዑል ጸዓት (ሙቐት) ዘሎዎ ጸርጊ ፈንዩ፡ ንዋህዮታት ናይቲ ተኽሊ (ጻህያይ) ብምህራም፡ ከም ዝሓርር ይገብሮ። ክሳዕ ክንዲ ጫፍ ብልሒ ናይ ብርዒ ዝኸውን ድቀት ንዘለዋ ጻህያይ ድማ ከይሰሓተ ካብ እኽሊ ፈልዩ ክሃርማ ይኽእል። እቲ ሮቦታዊ መሳርሒ፡ በዚ ኣገባብ፡ ኣብ ካልኢት 167፡ ኣብ ደቒቕ 10,000፡ ኣብ ሰዓት ከኣ 600,000 ተኽሊ ጻህያይ ክቐትል ይኽእል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣብ ሰዓት ክሳዕ 5 ሄክታር ዝስፍሓቱ ግራት ክጽሂ ይኽእል። እዚ ሮቦታዊ መሳርሒ'ዚ፡ ኣብ ስራሕ ጻህያይ ልዕሊ ብኢዶም ዝጽህዩ 75 ሰራሕተኛታት ዘድምዕ ብምዃኑ፡ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ ዝነጥፉ ዓበይቲ ሓረስቶት ይኹኑ ኩባንያታት፡ ኣብ ግዜ ጻህያይ ንሰራሕተኛታት ኩነ ንመድሃኒት ጸረ-ጻህያይ ዘውጽኡዎ ወጻኢታት ብኣስታት 80 ሚእታዊት ክንክዩዎ ከኽእሎም ምዃኑ'ዩ ዝሕበርዘሎ። ድሮ'ውን ናብ ልዕሊ 14 ሃገራት ምዕራብ ተዘርጊሑ፡ ኣብ ሓረስቶት ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ምህላዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ምንጪ፦https://forums.anandtech.com/threads/nvidiareveals-large-plant-model-to-zap-weeds-using-laserbeams-from-tractors-fitted-with-nvidia-gpus.2631820/

ሰንጋል ሳሙኤል




**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሕቡብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ኣወለፍቲ ነገራትን ሳዕቤናቶምን

ማሕበር ሓካይም ኤርትራ (ERIMA) ምስ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ንዝመጹ ወከልቲ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ኣወለፍቲ ነገራትን ሳዕቤናቶምን ኣተኩሩ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ (ጁንየር ክለብ) ናይ ዝሃቦ ሰፊሕ ኣስተምህሮ፡ ጽማቝ ይስዕብ፦



## ዓይነታት ኣወለፍቲ ነገራትን ግኑናት ጉድኣቲ ልምድታትን

ዶ/ር ሚልክያስ ገብረእግዚኣብሄር

ወልፊ ማለት ንጥዕና ዝጎድኡ ዝተፈላለዩ ቀመማት ብዘይግቡእ ዓቐንን ኣገባብን ምጥቃም ማለት'ዩ። ዝበዝሐ እዋን ሰባት ኮነተ-ኣእምሮ ንምቕያር ብዝብል ዕላማ'ዩ'ም ኣወለፍቲ ነገራት ዝወስዱ። ኣወለፍቲ ባእታታት ግን ነቲ ንቡር ኣሰራርሓ ሓንጎል ወዲ-ሰብ ምሉእ ብምሉእ ይቕይርዎ። እዞም ኣወለፍቲ ባእታታት ምስ ምንዋሕ ግዜ፡ ኣብ ሓንጎል ዶፓሚን (dopamine) ዝተባህለ ነዝዒ ከም ዝፈሪ ይገብሩ። እዚ ነዝዒ ኸኣ ኣብ ሓንጎል ዘይንቡር፡ ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝጸንሕ ናይ ባህታ ስምዒት ብምፍጣር ነቲ ኣወላፊ ባእታ ብተደጋጋሚ ንኽትወስዶ የተባብዕ።

ገለ ካብ ግኑናት ዓይነታት ጎዳእቲ ወልፍታት ንምጥቃስ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ትምባኾ፡ ማስቲሺ፡ መቃጠኒ ሕብሪ፡ በንዚን፡ ማሪዋና፡ ኮኬይንን ሄሮይንን ይርከብዎም። ትምባኾ ብመልክዕ ሽጋራ፡ ሳፋ፡ ሺሻን ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ (vape)ን ይዝውተር። ብዘይካ`ዚኦም፡ ኣብ ሕክምና ዝእዘዙ፡ ጸኒሖም ወልፊ ከማዕብሉ ዝኽእሉ መድሃኒታት`ውን ኣለዉ።

ዝበዝሑ ግዳያት ንፈተነ ብዝብል ምኽንያት ወይ ብጠንቀምቀም'ዩ'ም ንወልፊ ኣብ ዕድመ ኮትትና ዝጅምርዎ። ድሕሪ ግዜ ኸኣ ኣብ ገለ ካብኣቶም ናብ ኣመል ወይ ወልፊ ይምዕብል።

ከም ጠንቅታት ወልፊ ኮይኖም ዝጥቀሱ ክልተ ረቛሒታት፡ ጽልዋታት ኣከባብን ተወርሶን'ዮም። እቲ ብጽልዋ መዛኑ፡ ወለዲ፡ ኣሕዋትን ካልኦት ኣካላት ሕብረተ-ሰብን ዝበገስ ጉዕዞ ወልፊ፡ ንወልፊ ብዝድርኹ ተወርሶኣዊ ጅራት (genes) ይጋደድ።

ጸቕጢ መዘና፡ ምህላው ወልፊ ኣብ ኣባላት ስድራቤት፡ ሓድሽ ነገራት ከይመመኻ ናይ ምፍታን ባህሪ፡ ኣወለፍቲ ነገራት ብቐሊሉ ክትረኽበሉ እትኽእል ባይታ ምህላው፡ ብቕዓት ኣብ ትምህርትን ስራሕን ንምዕባይ ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ፡ ካብ ጸቕጢ ኣእምሮ ናጻ ንምኻን ዝብል ኣጉል ኣተሓሳስባ፡ ጽልዋ ተክኖሎጂ፡ ጽልዋ ህቡባት ሰባትን ኣጋገይቲ መወዓውዒታትን ካብቶም ኣዝዮም ግኑናት ጠንቅታት ወልፊ'ዮም።



ኣብዚ እዋን ብዝሒ ተጠቀምቲ ኣወለፍቲ ነገራት ብልዑል ናህሪ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ብመሰረት ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 1.3 ቢልዮን ሰባት ሽጋራ የትክኹ። ከም ውጽኢት ጥዕናዊ ጸገማት ምትካኽ ሽጋራ ኸኣ ኣብ ዓመት ኣስታት 6 ሚልዮን ሰባት ይሞቱ። ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ`ውን ዓመታዊ ናይ ልዕሊ 3.3 ሚልዮን ሰባት ሞት የስዕብ።

ሓደ ሰብ ወልፊ ከም ዘማዕበለ ከእንፍቱ ዝኽእሉ ብዙሓት ሓበርቲ ምልክታት ኣለዉ። ገለ ካብኦም፡ ኣወለፍቲ ባእታታት መዓልታዊ ወይ ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ ምጥቃም፡ ብዛዕባ ኣወለፍቲ ባእታታት ልዕሊ ዓቐን ምሕሳብ፡ ምስ ግዜ ተጻዋርነት ምምዕባል፡ ቀጻልነት ቀረብ ኣወለፍቲ ነገራት ንምውሓስ ምቕላስ፡ ልዑል መጠን ገንዘብ ኣብ ኣወለፍቲ ነገራት ምፍሳስ፡ ብሰንኪ ወልፊ ካብ ትምህርቲ፡ ስራሕን ሓላፍነትን ምጉንዳብ፡ ብሰንኪ ወልፊ ካብ ማሕበራዊ ምትእኽኻባት ምርሓቕ፡ ወልፍኻ ንምዕጋብ ዘድልየካ ገንዘብ ንምርካብ ምስራቕ ወይ ምኽታርን ኣወለፍቲ ነገራት ወሲድካ መኪና ምዝዋር ወይ ሓደገኛ ንጥፈታት ምክያድን ይርከብዎም።

ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ወልፊ ከምዘማዕበሉ ንምልላይ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስትብሃል ሓጋዚ እዩ። ቀጻሊ ጸገማት ኣብ ትምህርቲ (ቀጻሊ ምብኳር፡ ተገዳስነት ምጉዳል ወይ ምንቁልቋል ነጥቢ) ወይ ቀጻሊ ጸገማት ኣብ ስራሕ (ቀጻሊ ምብኳር፡ ተገዳስነት ምጉዳል ወይ ምንቁልቋል ብቕዓት ስራሕ)፡ ሓይሊ ምድካም፡ ሃንደበታዊ ዘይንቡር ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡ ቀጻሊ ምቕያሕ ዓይኒ፡ ኣብ ኣከዳድና፡ ክንክን ጸጉርን ሓፈሻዊ ጽባቐን ተገዳስነት ምጉዳል፡ ኣሉታዊ ናይ ባህሪ ለውጢ ምምጻእ፡ ምስጢራውያን ኣዕሩኽ ምጥራይ፡ ሕቡእ መቖመጢ ወይ ውልቃዊ ክፍሊ ንምውናን ምጽዓር፡ ምስ ስድራቤትን ኣዕሩኽን ዝነበረ ርክብ ብሃንደበት ምብታኽን ኣብ ገዛ ገንዘብ ወይ ንብረት ክጠፍእ ወይ ክለዓል ምስ ዝጅምርን ዕሙቕ ዝበለ ምክታትል የድሊ።

ዝኾነ ብወልፊ ዝተጠቕዐ ሰብ ናብ ትካል ጥዕና ንመርመራ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ፡ ዕሙቕ ዝበለ ቃለ-መሕትትን ዘተን ምስ ተሓካማይ ብምኽያድ፡ ሕክምናዊ ታሪኽ (ድሕረ-ባይታ) ካብ ኣባላት ስድራቤትን መዛኑን ብምውሳድ፡ ንውሕ ዝበለ ምክትታል ውልቃዊ ባህርያት ብምኽያድን ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋናት ከኣ መርመራ ዓቐን ኣወለፍቲ ባእታታት ኣብ ደም ብምምርማርን ግቡእ ነጸርታ ተዋሂብዎ ግቡእ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል።





中国五矿　MCC 恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

# Vacancy Announcement

ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C ETME is inviting applicants for the following positions for Asmara Copper-Gold Polymetallic Project Site.

**Position-1: Crane operation technician**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**
**Number Required: 1**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities**

1. Ability to skillfully use special skills and special skills to complete the crane lifting operation.
2. Master the key technical skills of operating the crane lifting operation, and can independently deal with and solve all kinds of complex problems encountered in the crane lifting operation.
3. Familiar with all kinds of data of the crane, can judge the problems that may occur during operation, and prevent the problems, can judge the parts easy to damage the equipment during operation, and timely inspection and maintenance.
4. Ability to guide and train the crane operators.
5. Complete other tasks assigned by the leaders.

**Qualification and Other Skills**
Education: Junior high school and above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1.Strong safety awareness and crisis management skills.
2.Effective communication and teamwork skills.
.

**Position-2: Business Supervisor**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**
**Number Required: 1**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities**

1. Collect the project data and information, compile the construction budget, and do a good job in the acceptance, valuation and calculation of the construction party and the subcontractor.
2. Responsible for the collection and preparation of data related to the secondary operation, assist the project manager in project valuation, and do the collection, sorting and filing of project pre-settlement data.
3. Assist the project manager to communicate with the construction party and the supervisor, and handle the approval procedures of the project payment in time.
4.Responsible for the cost accounting of the project process, and complete the preparation of relevant output value and other statements.
5.Responsible for the drafting of preliminary recruitment documents for material procurement, and participate in supplier selection and contract review.
6.Collect, sort out and file the project completion settlement data.
7.Other tasks assigned by the leaders.

**Qualification and Other Skills**
Education: Bachelor’s degree
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy and disease-free, able to work for long hours.
2.Be positive, sunny, and be careful.

**Position-3: Translator and Interpreter**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**
**Number Required: 1**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities**

1.Translate and edit various English documents, including contracts, reports, etc., to ensure accurate and fluent translations.
2. Provide accurate and clear interpretation during meetings, inspections, and other activities to facilitate effective communication.
3.Complete other tasks assigned by the leaders.

**Qualification and Other Skills**
Education:Master's degree or higher
Work experience: 1 year
Additional skills and abilities:
1. Healthy and disease-free, able to work for long hours.
2.Be positive, sunny, and be careful.

**Position-4: HSE Supervisor**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**
**Number Required: 1**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities**

1. Collect and organize the implementation of national, local and industrial guidelines, policies, safety technical standards, norms, norms, regulations and the company's rules and regulations.
2. Responsible for guiding and supervising the establishment of the safety production organization and guarantee system, and implementing the safety production responsibility system.
3. Participate in the preparation of special project safety plan and emergency plan, and put forward targeted safety technical measures.
4. Assist in the project safety technical disclosure work, supervise and inspect the implementation of various safety technical measures.
5. To be responsible for organizing the establishment, declaration and acceptance of the safety and quality standardization demonstration site (project).
6.Organize the identification and evaluation of environmental factors and hazard sources of the project, establish major hazard source accounts of the project, formulate targeted plans and measures, and supervise and inspect the implementation.
7.Is responsible for organizing the project of safety production, civilized construction, environmental health, fire security, material machinery management, safety protection of daily inspection and special, seasonal inspection, timely solve and handle the safety problems in construction production, to supervise the rectification of safety problems, acceptance, timely stop illegal command, illegal operation.
8.Complete other tasks assigned by the leaders

**Qualification and Other Skills**
Education:Bachelor’s degree
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1.Strong safety awareness and crisis management skills.
2.Effective communication and teamwork skills.

**Position-5: Piping Installation Specialist**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**
**Number Required: 5**
**Contract Type: Definite (6 months)**
**Major Duties and Responsibilities**

1.Conduct comprehensive inspection of pipe welds, flanges, and threaded joints to eliminate leaks.
2.Adjust pipe supports and hangers to correct slope and eliminate stress deformation.
3.Assist in pressure testing, purging, and flushing of pipelines to ensure system tightness.
4. Perform repair welding on detected weld defects (e.g., cracks, lack of fusion).
5.Execute pipeline modifications and reinforcement welding due to design changes or site errors.
6.Complete other tasks assigned by the leaders

**Qualification and Other Skills**
Education: Junior high school or above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1.Strong safety awareness and crisis management skills.
2.Effective communication and teamwork skills.

**Position-6:Electrical Installation Specialist**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**
**Number Required: 5**
**Contract Type: Definite (6 months)**
**Major Duties and Responsibilities**

1.Inspect and tighten terminals in distribution cabinets, motors, and lighting fixtures; replace damaged cables.
2.Complete installation of cable trays and conduits; install covers and locking devices.
3.Assist in individual machine test runs; troubleshoot electrical faults (e.g., phase sequence error, overload trip).

Continued on page 7

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Continued from page 6

4.Test grounding system continuity; install missing bonding jumpers and grounding conductors.
5.Participate in electrical interlock testing; adjust protection relay settings.
6.Test process interlocks, emergency shutdowns, and sequential control logic.
7.Analyze commissioning data, diagnose systemic issues, propose corrective actions, and track closure.
8.Participate in high-voltage switchgear and transformer hipot tests and relay protection commissioning.
9.Test instrument signal transmission (4-20mA, communication protocols) to ensure loop integrity with DCS/PLC.

**Qualification and Other Skills**

Education: Junior high school or above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1.Strong safety awareness and crisis management skills.
2.Effective communication and teamwork skills.

**Position-7:Equipment Installation Specialist**

**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction PTC**

**Number Required: 5**

**Contract Type: Definite (6 months)**

**Major Duties and Responsibilities**

1.Troubleshoot excessive vibration, abnormal noise, and high temperature during operation; adjust coupling alignment and belt tension.
2.Tighten anchor bolts and connection bolts; check locking devices for internal fasteners.
3.Replenish or replace grease/oil; improve lubrication system to ensure all points are properly lubricated..
4.Verify and correct dimensional deviations of auxiliary structures (e.g., chutes, platforms, guards).
5.Track progress of defect elimination and verify closure of corrective actions.

**Qualification and Other Skills**

Qualification and Other Skills
Education: Junior high school or above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1.Strong safety awareness and crisis management skills.
2.Effective communication and teamwork skills.

General Information and other requirement

- Place of Work: : Embaderho Site
- Salary : As per the Company scale
- Type of contract: Definite (One year)

Additional requirement for nationals

- Having fulfilled his/her national service obligations and provide evidence of Release paper from Ministry of Defense
- Present clearance from current /last employer or Unemployment card from Labor office
- Testimonial documents to be attached (CV,work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only short listed applicants will be considered as a potential candidate for an interview
- Application documented will no be returned to sender.
- Deadline for application is Two Weeks from the date of publication on the newspapers.

Address: Please send your application to;
ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME)
P.O.Box 000 Asmara, Eritrea
Note: You may also send to Ministry of energy & Mines
Department of Mine –Human Resource Management
P.O.Box 272 Asmara, Eritrea

## ANNOUNCEMENT FOR BID

The Department of Water Resources invites relevant and competent local and international suppliers for procurement of water quality instruments, reagents, tools and accessories, aimed at enhancing sufficient national capacity in water resources surveillance, monitoring and protection from contamination and pollution. The aforementioned supplies include items' categories: -

1. Water quality testing instruments, chemical and reagents for general chemistry, heavy metals and hydrocarbons;
2. Water quality testing instruments accessories;
3. Laboratory related Personal Protective Equipment (PPE);
4. IT equipment, tools and analysis software;
5. Laboratory furniture and miscellaneous facilities and tools; and
6. Miscellaneous Laboratory Accessories and Glassware

Interested suppliers should send or submit their offer and quotation through email and postal mail described below within 30 days of the notice publication in Eritrean profile. A complete list of required supplies and related technical details is included in the project proposal document. You may contact Mr. Efrem Teferi and Mr. Tedros Tesfagabir for a digital copy of the proposal document and any additional information on supply materials via email address and mobile phone indicated below.
The Department of Water Resources has the right to cancel, reconsider and postpone the bid for any justifiable reasons.

**Attention:**
Efrem Teferi, Water Resources Department, efremteferi@gmail.com, 2917156208 or
Tedros Tesfagabir, Water Resources Department, tedtesfagabir@gmail.com, 2917270286
Postal email address: Department of Water Resources, P.o.Box 1488, Mariam Gibi Street, Asmara.


ሓደስቲ መጽሓፍቲ
NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream):
*English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*

2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream):
*English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*







ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ገመል፡ መርከብ ምድረ በዳ

ገመል፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ብተጻዋርነቶምን ኣቃውማ ኣካላቶምን ዝልለዩ ገዘፍቲ እንስሳታት ሓንቲ እያ። ብፍላይ ኣብ ከም ኤርትራን ካልኦት ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ሃገራትን፡ ገመል ንዘመናት ኣገልግሎት መጉዓዝያ ትህብ ኣላ። ገመል በቲ ኣብ ኣዝዩ



ውዑይን ኣጻምእን ከባቢታት ናይ ምንባር ዘለዋ ተፈጥሮኣዊ ብቕዓት፡ "መርከብ ምድረ በዱ" ተባሂላ'ውን ትጽዋዕ።

ኣካላዊ ቅርጽን ተጻዋርነትን ገመል፡

ኣብ ዝባን ገመል ዘሎ መንጎዳ ንነዊሕ ግዜ ብዘይ መግቢ ንኽትጸንሕ ዝሕግዛ ስብሒ ዝኽዘነሉ ቦታ እዩ። ንብዙሕ ሰብ ከም ዝመስሎ እቲ መንጎዳ ማይ ዝኽዘነሉ ቦታ ዘይኮነስ፡ ጸዓት ዝህብ ስብሒ እዩ። ክብደት ገመል ብገምጋም 600 ኪሎ ግራም እዩ። ኣብ ሓጺር ግዜ (3 ደቒቕ) ክሳዕ 200 ሊትሮ ማይ ክትሰቲ ትኽእል።

- ኣዒንቲ ገመል፡ ካብ ሑጻ ንምክልኻል ነዊሕ ቀርኒብ ዓይኒ ኣለዎም።
- ኣፍንጫ ገመል፡ ብርቱዕ ንፋስ ሑጻ ዝተሓወሶ ክመጽእ ከሎ፡ ካብዚ ንምክልኻል ኣፍንጫኣ ክትዓጽዎ ትኽእል።
- ኣእጋር ገመል፡ ኣብ ሑጻ ንኸይጥሕሉን ብምቑት ንኸይነዱን ዝሕግዝ ገፊሕን ልስሉስን ሶላ መሰል እዩ።
- ዕድመ ገመል ብገምጋም ካብ 40-50 ዓመት ይበጽሕ።

ኣብ ዓለም ክልተ ዓሌታት ገመል ኣለዉ።

### ንኣፍልጦ

ንሳቶም ከኣ፡

ድሮሜዳሪ፡ ሓደ መንጎዳ ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ቀርኒ ኣፍሪቃን ይርከቡ።

ባክቲርያን፡ ክልተ መንጎዳ ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣብ ማእከላይ እስያ ኣብ ዝርከቡ ዝሑል በረኻታት ይነብሩ።

ገለ ካብ ጥቕምታት ገመል፡

= ንመጉዓዝያ፡ ኣብ ዘይጥጡሕ ጎቦታትን በረኻታትን ከቢድ ጽዕነት (ክሳብ 200 ኪሎ) ተሰኪሞም ነዊሕ ርሕቀት ይጉዓዙ።

= ንጸባን ስጋን፡ ጸባ ገመል ብቪታሚንን ማዕድንን ሃብታም ኮይኑ፡ ንጥዕና ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ስጋኡ'ውን ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ከም ቀንዲ መግቢ የገልግል።

= ንኣልባሳት መስርሒ፡ ካብ ጸጒሪ ኣግማል ክዳውንቲን ምንጻፍን ክስራሕ ይኽእል።

<u>ገመል ኣብ ኤርትራ፡</u>

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ ገመል ፍሉይ ክብሪ ኣለዋ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፡ ገመል ንኣጽዋር፡ መግቢ፡ መድሃኒትን ዝቐሰሉ ተጋደልቲ ኣብ ምስካምን ዝተጻወተቶ ተራ ዕዙዝ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ገመል ኣብ ኤርትራ ከም ኣርማ ተወኪላ ትርከብ፣ እዚ ድማ ንተጻዋርነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ይገልጽ።

ብሓፈሻኡ፡ ኣግማል ተፈጥሮ ዝዓደለቶም ፍሉይ ክእለትን ንደቂ ሰብ ዘለዎም ተኣማንነትን ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ድንቂ እንስሳታት ሓደ ይገብሮም።



## ግድል

### ነታ ናይ መወዳእታ ቁጽሪ ርኸብዋ




### መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ደ | ቐ | ገ | በ | መ | መ | ነ | ጨ |
| ወ | ጀ | ገ | ነ | መ | ጠ | ወ | የ |
| ነ | ደ | ለ | የ | ዐ | የ | ጀ | ጠ |
| ወ | ገ | ጀ | ለ | በ | መ | ጸ | የ |
| ለ | የ | መ | ቐ | መ | ጨ | ወ | ጠ |
| ደ | ነ | ነ | የ | ረ | ረ | ሰ | የ |
| ጸ | ረ | ገ | ሰ | ወ | ቐ | ነ | ጸ |
| ሰ | ሰ | ዐ | ገ | የ | ረ | ነ | በ |

ኣብዚኣ ቍረጽዋ

ስም፡ ______________________

ቤት ትምህርቲ፡ ______________ ክፍሊ፡ ______________

ኣድራሻ፡ ______________ ዞባ፡ ______________

ሞባይል፡ ______________ ወይ ______________

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርሙማ'፡ 'ውድድር ተርሙማ' ዓሰርተ ሽድሽተ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ መበል ዓሰርተ ሽድሽተ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተመሃራይ ክሳተፍ ንዕድም። <u>ዕስራ</u> ዕዉታት ተመሃሮ ክሸለሙ ምዃኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዘበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጸሰታ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጶ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 11-04-2026 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!

### ሀ. ሕቶታት ባህሊ

1. ካብ ቈርበት ዝተሰርሐ ካብ ሽምጢ ንታሕቲ ዝልበስ ዓይነት ልብሲ እንታይ ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

2. ካብ ቈርበት ብዕራይ እተዳለወ ዓብዪ ለቘታ እንታይ ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

3. ማይ ንምውራድን ንምዕቋርን ዘገልግል ዝለፍዐ ቈርበት ናይ ጤል እንታይ ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

4. ንውዑይ እምኒ ብርኩታ መትሓዚ ዝኸውን፡ ብሓደ ሸነኹ እተጨደ ዕንጸይቲ እንታይ ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

5. ንመጽሓፊ ዘገልግል ዝለፍዐ ቈርበት እንታይ ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

### ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ

1. ኤርትራ፡ መኣስ ዓመተ ምህረት ኤርትራ ዝብል ስም ተዋሂብዋ፧

 መልሲ፡ ______________

2. ኣብ ኤርትራ ናይ መጀመርያ ናይ ቋንቋ ትግርኛ ጋዜጣ እንታይ ትብሃል ነይራ፧

 መልሲ፡ ______________

3. ዓሊ መሓመድ ዑስማን ቡሪ (ሰባር ናኹራ)፡ ዝመርሖም ኤርትራውያን ካብ ናኹራ ናብ ሓውሲ ደሴት ቡሪ መኣስ ዓ.ም ኣምሊጦም፧

 መልሲ፡ ______________

4. ኢጣልያዊ ሚስዮናዊ ጁሰፐ ሳፔቶ ናብ ምጽዋዕ መኣስ ዓ.ም ኣትዩ፧

 መልሲ፡ ______________

5. ቀዳማይ ወራር ካብ መኣስ ክሳዕ መኣስ ተኻይዱ፧

 መልሲ፡ ______________

### ሐ. ግድል

ነታ ናይ መወዳእታ ሳንዱቕ በዚ ተጀሚሩ ዘሎ ስእላዊ ርትዒ ብምኽታል ስኣልዋ።



መልሲ፡

### መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት

1. ዛንታ ጸዓዘጋን ሃዘጋን ዝጸሓፈ መን ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

2. ቀዳመይቲ ታሪኻዊት ልብ ወለድ ቋንቋ ትግርኛ መኣስ ተጻሒፋ፧ ብመን፧

 መልሲ፡ ______________

3. ዝዓሞቐ ናይ ኤርትራ ስፍራ እንታይ ይብሃል፧

 መልሲ፡ ______________

4. ኣብ ግንቦ ኢድ ክንደይ ኣዕጽምቲ ኣሎ፧

 መልሲ፡ ______________

5. ንህቢ ክንደይ ከስዐ ኣሎዎ፧

 መልሲ፡ ______________

# መዘናግዒ

ኣቤል ኤፍሬም

## ፍቕሪ ብተግባር

ንልዕሊ 50 ዓመት እየም ብሓባር ተጓዒዞም። ከም ሰብ ሓዳር መጠኑ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ንብዓልቲ-ቤቱ ኣብ ልዕሊኣ ዘለዎ ፍቕሪ ብቓላት ንምግላጽ፡ 'ይፈትወኪ' ወይ 'የፍቅረኪ . . . እዩ' ኢሉዋ ኣይፈልጦን። ድሕሪ 50 ዓመት ግን ኩሉ ተግባራቱ ቅጭ መጺኡዋ ዝዘብሶጨወት ሰበይቱ፡ "ስማዕ'ስኪ! እዚ ኩሉ ዓመታት ብሓንሳብ ክንነብር እንከለና፡ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ንሬውሲ ማሕሉ 'ይፈትወኪ እየ' ወጺኡትካ ኣይትፈልጥን" በሎቶ፡ ዝሓጸቦ ክዳውንቲ ናብ'ቲ ተገቲሩ ዘሎ ገመድ ንምስጣሕ እናተመጣጠረት።

ብዓል-ቤታ ምኽንያት መጠሰ ናይቲ ዘረባ እንታይ ምዃኑ ክርደኦ ኣይተጸገመን። ሰቕ ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሑ፡ "ሽኺ እውን ሰምዒ! ብዘተፈላለየ ምኽንያት ንዛወር ኣብ ዝነበርናሉ ኣጋጣሚታት፡ ብርቱዕ ዝናብ ምስ ዝዘርም፡ ጃኬተይ ኣውጺአ ክኸድኪ እንክለኹ'ሞ ንሽኺ ክትማሙቒ ካብ መዓት ቁሪ ናጻ ክትኮኒ እለኹ። ኣነ ግን ብሰሽኪ ቁሪ ሓሚመ ኩሓደር ትዝክርዮዶስ ትርስዕዩ?" ክብል ንሕቶ ብዓልቲ-ቤቱ ብሕቶ መለሰሉ። ሰበይቲ - "እወ እዝክሮ" ክትብል መለሰት።



ቀጺሉ፡ "ገለ ገለ መዓልታት ኑቲ ኣዚና እንፈትዎ ወድና ብእግርና ናብ ቤት ትምህርቲ ነመላልሶ ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ፡ ኣብ መንገዲ እግርኺ ብድኻም ተሰኪፉ ኣይሰበገምን ክብልን ቃንዛ ክጉበረለክን እንከሎ፡ ኣብ ዝባይ ከም ህጻን ሓዚለ ገዛ ከእትወኪ'ኺ ትዝክርዮ ዶ?" ክብል ደጊሙ ሓተታ። ብዓልቲ-ብቲ ንኹሉ'ቲ ብወገን ብዓል-ቤታ ዝቐረበ ዝበረ ሕቶታት፡ "እወ" እናበለት ካብ ምምላስ ኣየሃደመትን።

ሰብኣይ፡ ገና በዚ መልሰታት እዚ ዝዓገበ ይመስል ኣይነበረን። ቀጺለ ድማ፡ "ሓደ እዋን ብቓንዛ ዓይነይ ክሰቐ ድሕሪ ምቕናይ፡ ናብ ክሊኒካ ሕክምና ዓይኒ ኣብ ዝኸድናሉ ኣጋጣሚ፡ ዶክተር 'ኣዒንትኻ ይደክም ስለ ዘሎ' ኣብ ቀጻሊ ዕቱብ ክትትልን ናብዮትን ክትጉበር እንተ ዘይክኣልካ፡ ናይ ምርኣይ ተኽእሎኻ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ እዩ' ክበለኒ፡ ኣነ ድማ፡ ድሓን ብዙሕ ዘሸግር የብሉን - ናተይ ዓይኒ እንተ ደኸመ፡ ብርሃን ዓለም ኮይና እተሳልየኒ ኣምላኽ ዝሃደለኒ ካልእ ዓይኒ ኣላትኒ - ብዓልቲ-ቤተይ። ንሳ ክንዲ ኩሉ ብምዃና ንዓይ እኹል እዩ' ክበሎ'ኺ ትዝክርዮ ዶ?" ወሰኸ። ሰበይቲ ኣይተወላወለትን፡ ኑቲ ሻቡ ብዓል-ቤታ ንዶክተር ዝሃቦ መልሲ ዘከራ፡ ፍሸኽ በለት እሞ ርእሳ እናነቕነቐት፡ "እወ እዝክሮ" ክትብል መለሰት።

ንኹሉ መልሰታት ከየህለል ዝጸንሐ ብዓል ቤታ፡ "እሞ፡ እዚ ኩሉ ካብ ዘርኣኽዮስ ገለጾ ክትርድኢ ኣይምኽኣልክን። እዚ ገለ ካብቲ ብኸፊል ዘርኣኽዎ ንጥፈታት እዩ። ስለ'ዚስ እዚ ፍቕረይ ኣይኣኽን" ብምባል ደጊሙ ተወከሰ።

ብዓልቲ-ቤት፡ "ኣነስ ንስለ ዘረባ ደኣ'ዩ እምበር፡ ኣዚ'ኻ ከም እትፈትወንን ከም እተፍቅረንን መዓስ ጠፊኡኒ። እቲ ዝበልኩ'ኻ ኩሉ ድማ ኣብይ ፍቕሪ የብልካን ማለተይ ኣይኮነን። እንተ'ኹኑ ከም መጻምድተ'ኻን ብዓልቲ ቃል ኪዳንካን መጠኑ ኣብዚ ንልዕሊ 50 ዓመታት ዝተጓዓዝናዮ ህይወት፡ ከም እትፈትወኒ ዝገልጽ 'ቃል' ስለ ዘይሰማዕኩ እዩ።" ደርጉሓትሉ። ብዓል-ቤት ዘረባኡ ብምቕጻል፡ "ኣነ ደኣ፡ እዚ ኩሉ ዝጉበሮ ዝነበርኩሉ - መርኣያ ኣብ ልዕሌኺ ዘሎኒ ፍቕሪ እዩ'ሞ፡ ትፈልጠለይን ትርድኣለይን ትኾውን ዝበል ሓሳብ ስለ ዝበረኒ እዩ" በሎ።

ሰበይቲ ሕጂ እውን ኑቲ ከተርክቦ ዘይከኣለት ገመድ ንምርካብ ኣብ ኩርሲ ተሰቒላ፡ "ከመይ ዘይፈልጥ፡ ከምኡ ኮይኑ ግን - ደስ ክብለኒ 'እፈትወኪ እየ' ዝብል ቃል ኣውጽእ!" ክትብል ጨደረትን ተማሕጸኖቶን። "በሊ ካብ'ዚ ኩርሲ ሽተት ኢልኪ ከይትወድቒ ኣትረርኪ ሓዚኪ" እናበለ ናብኣ ቅርብ በለ። ንሳ እውን ከይትወድቕ ስለ ዝሰግኣት ኣትረራ ኢዱ ሓዘቶ። "ማዕረ ክንደይ ከምዝፈትወኪ ርኢኺዶ?" ሕቶ ዝመስል ዘረባ ደርበየላ እሞ. . . ተሓቛቚፎም እናሰሓቑ ናብ ቤቶም ኣተዉ።

ፍቕሪ ዝበሃል ክንጽዑ ቃላት ተግባር ዘቐድም ኩነት እዩ። እፈትወካ! እፈትወኪ! እያ ምብሃል በይኑ እኹል ኣይኮነን። ብግብሪ ክሰነ ኣለዎ። እዚ ይኹን እምበር ቃላት ፈይ እንተ ኣብልና'ውን ዝጽላእ ኣይኮነን። ገለ ሰባት፡ ኣብ ይፈትወኪ'ን ይፈትወካን ዝበሉ ቃላት ተሸጉጢም ፍቕሪ ክሊግሎሉ ይጽንሑ'ሞ፡ ሓደ ፈታኒ ኩነት ምስ ዘጋጥሞም፡ ኣተሃድማ ዕቡያት ገይሮም ካብቲ ንሶም "ፍቕሪ" ክብሉ ክገልጽዎ ዝጽንሑ ናይ ቃላት ፍቕሪ ንምርሓቕ፡ ንሓዋሩ ካብ ገጽ እቲ ናይ ቃላት መፋቕርቶም ይሰወሩ። እሞ ደኣ ፍቕሪ፡ ብቓል ዘይኮነ ብተግባር ካብ ኩነ - ቓላትና ንግበሮም።

## ዝዘራእካዮ ኢኻ ትዓጽድ

ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ገለ ዝበሃል ህርኩት መንእሰይ ነበረ። ገለ ብዓህራሩ ርህሩህ ዝተጸገመ ሰብ ምሕጋዝ ዝፈቱ ፈቃር መንእሰይ እዩ ዝነበረ። ኣቡኡም ተቐማጢ መላእ እቲ ሕብረተሰብ ዝፈትዎን ዓይንኻ ትደፈን ዝበሎ ዘይብሉን ኣዝዩ ክቡር ሰብ ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ናይ ገለ ጸቡቕ ወረ ኣብ እዚ ናይ'ቲ ኑታ ዓዲ ዘመሓድር ዝነበረ ንጉስ በጽሐ። ንጉስ ብዘረባን ግሩንን ወረ ገላ ስለ ዝተገረመ፡ ንገለ ጸዊዖም ናብኡ ከምጽእዎ ኣዘዙ።

ገለ ብመሰረት ዝቐረበሉ ትእዛዝ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቀረበ። ንጉስ ኩለንትናኡ ርእዩን መርሚሩን ክፈትዎ ግዜ ኣይወሰደን። ምስኡ ብዙሕ ግዜ ክሕልፍ ስለ ዝደለየ ድማ ኣብ ቤተ-መንግስቱ ከም ኣገልጋሊ ኮይኑ ክቕጽር ንሽማምንቱ ሓበረ። ገለ በቲ ዝረኸቦ ዕድል ምእማን ክሳብ ዘሸኣን ተሓጉሰ፡ ንንጉሱን ንፈጣሪኡን ኣመስገነ። ኣብ ዝቕጽለ መዓልታት ስርሑ ንምጅማር፡ ናይ ኣሳየ መግቢ መለለዩ ክዳውንቲ ብምልባስ፡ ላዕሊን ታሕቲን እናበለ ብትግሃት ክንቀሳቐስ ተራእየ።

እንተኾነ፡ ሓደ ካብቶም ሚኒስተራት ናይ'ቲ ንጉስ፡ ንገለ ኣይፈተዎን። እቲ ንጉስ ኣብ ልዕሊ ገለ ዘለዎ ኣጠማምታ እምብዛ ኣቕንኦ፡ ናብ ገለ ብምኻድ ድማ "ንጉስና፡ ገለ መግቢ ክቕርበሉ እንከሎ፡ ኣፉ ይጨኑ ስለዝሎ ብጨርቂ ሸፍኖ ኢሉካ ኣሎ" ብምባል ኣትራሩ ተዛረቦ።

ዝ ዘሰንበድ ዘረባ ዝሰምዐ ገለ፡ ኣፉ ተሸፊኑ ምስራሕ ጀመረ። በዚ ዝተገረመ ንጉስ ብወገኑ፡ ድሕሪ ገለ መዓልታት ኑቲ ሚኒስተር ጸዊዑ፡ "እዚ ወዲ ስለምንታይ ኣፉ ይሽፍን ኣሎ? የቑርጽ ይኸውን እንተብልኩ ከኣ ኣይገደፍን ስለምንታይ ይኸውን?" ክብል ተወከሶ። እቲ ሚኒስተር፡ "ዝኸበርኩም ንጉሱ፡ ኣነ ብዙሕ ግዜ ሓቲተዮ እየ። ግን ደስ ዘይብል መልሲ እዩ ሂቡኒ። ብዕቡ'ቲ ዝሃበኒ መልሲ ከይትቖጥዑ ይትረፍኩም" ክብል ኑቲ ንጉስ መለሰሉ።

እቲ ንጉስ ብምግራም፡ "እንታይ ደዩ ኢሉኻ?" ሓተተ። እቲ ሚኒስተር፡ እሞ ንዓይ እዩ ዝገበኣኒ!" እናበለ ካብ ኢድ ገለ መንጠሉ ወሰዶ። እቲ 'ርዛ ዕምባባ ሐዚ ንዝተረኽበ ሰብ ክሳዱ ሰይፎ' ዝተባህለ ወተሃደር፡ ከምቲ ዝተባህሎ ገበረ። ኑቲ ሚኒስተር ክሳዱ ቈረጾ።



"መግቢ ክቕርብ ከለኹ፡ ኣፍ ናይ'ዚ ንጉስ ይሸትተኒ ኣሎ" ከም ዝበለ ገለጸ። ዝ ዝሰምዐ ንጉሱ ኣዝዩ ሓረቐ። ንሓደ ካብ ሓለውቱ ጸዊዑ ድማ፡ "ጽባሕ ናይ ንግሆ፡ ንሓደ ሰብ ርዛ ፍዮሪ (ዕምባባ) ሂበ ክሰዶ እየ'ሞ ክሳዱ ሰይፎ - ርእሱ ቁረጾ" ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላለፈ።

ገለ ንጽባሒቱ እውን፡ ከም ልሙድ ኣፉ ተሸፊኑ ኑቲ ንጉስ መግቢ ከኣንገዶ ኣርፈደ። ንጉስ ሆዩ፡ ንገለ ብስርሑ ኣዝዩ ከም ዝተሓጎሰ ንምግላጽ፡ ከም መርኣያ ፍትወቱ ርዛ ፍዮሪ ለገሰሉ። ገለ ኑታ ፍዮሪ (ዕምባባ) ሐዚ እናተንቀሳቐሰ እንከሎ፡ ኣብ መንገዱ እቲ ሚኒስተር ረኸቦ። "እዚ ዕምባባ ደኣ መን ሂቡካ?" ብምባል ድማ ሓተቶ። ገለ ከኣ፡ እቲ ንጉስ ከም መግለጺ ሓጎሱ ከም ዝለገሰሉ ሓበሮ። እቲ ሚኒስተር ብሕርቃን "እዚ ምስ ረአዩ ብዙሕ ተገረመ። ባዕሉ ድማ ከም'ዚ ክብል ሓተቶ፡ "ንምንታይ ኢኻ ኩሉ ግዜ ኣፍኻ ትሸፍን?" ገለ፡ እቲ ሚኒስተር ኣፍኻ ይሸትት ስለ ዘሎ ንንጉስና ተሕርቖ ኣለኻ'ሞ፡ ኣፍኻ ተሸፈን ከም ዝበሎ፡ ንሱ ድማ ንክብሪ ንጉሱ ክብል ከምኡ ከም ዝገበረ ነገሮ። ንጉስ ቀጺሉ - "እቲ ዝሃብኩኻ ዕምባባኸ ኣብይ ኣሎ?" ኢሉ ሓተቶ። ገለ፡ እቲ ሚኒስተር ንዓይ እዩ ዝገበኣኒ ኢሉ ከም ዝወሰዶ ሓበሮ። ንጉሱ ፍሽኽ ክብል እናፈተኖ - ንገለ ኣፉ ክኸፍት ብምሕባር፡ "እቲ ሚኒስተር ዝገበኦ ወሰዶ ኣሎ!" በሎ።

ኣብ ህይወት ዝዘራእናዮ ኢና እንዓጽድ። ምናልባት ናይ ምቕራብን ምርሓቕን ግዜ እንተ ዘይኮይኑ ወጽኢት ናይ'ቲ እተካይዶ ንጥፈት ሓሊፉ እዩ ዝጸንሓካ እሞ፡ ጸጸብቒ ደኣ ንግበርን ንሕሰብን።

## ከምዚ'ውን ኣሎ




"10 ግዝኣት ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣእዱግ እዩ። እዚ ከኣ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ኣትሒዞ ንደቂ ሰባት ክሳብ ሕጂ ዘይናዓቕ ዘቤታዊ ኣገልግሎት ካብ ምሃብ ኑብሱ ዘይብቅቕ እንስሳ ንዝክረሉ መዓልቲ እዩ። ኣድጊ ብዘለዎ ጉልበትን ሓይሊን ካብ'ቶም ብቐዳምነት ንመጽዓኛ ዝሕረ እንስሳ እዩ። እዚ ጠለባት ሰባት እናኣማልአ ክሰ፡ ዘይነም ካልኦት ንመጽዓኛ ዘገልግሉ እንስሳታት፡ ዝግበኦ ክብሪ ዘይረኸበ እንስሳዚቤት፡ እታ ናይ ዝኸሪ መዓልቱ ብደረጃ ዓለም ብኩብ ዝበለ ድምቀት ንምብዓል ወርትግ ምሹብሻባት ይግበር እዩ። ክሳብ ፖስተራትን ብሮሹራትን እናተዳለወ እውን ይዝርጋሕ።

እዚ ግን ንብዙሓት ወገናት ዘርም ኩነት ኩይኑ ኣሎ። ኣብ ኩሉ'ቲ ብሽምኡ ዝሓለፍ ዓመታት፡ ኑቲ መደብ ኣመልኪቱ ንዝዋደድ ጽንብላት እናዘከሩ፡ ወደብቲ ኣካላት፡ በቲ ንስለ ጽንብል እምበር፡ ንኽብሪ ኣእዱግ ዝበቕዕ ስጉምቲ ክወስዱ ብዘይ ምኽኣሎም ተረር ነቐፌታ ከሰምዑ ጀሚሮም ኣለዉ - ብመሰረት ምንጮታት ተሓለቕቲ እንስሳታት።

ብሓፈሻ ኣብ ዓለም ልዕሊ 40 ሚልዮን ኣእዱግ ከምዘለዉ እዩ መጽናዕቲ ዝሕብር። ኣብ ዓለም ዝለዓለ ብዝሒ ኣእዱግ ዘለወን 10 ሃገራት ከኣ ዘርዚሩ ኣሎ። ንሳተን ከኣ፦

ኢትዮጵያ፡ ልዕሊ 10 ሚልዮን፡ ሱዳን፡ 7.6 ሚልዮን፡ ፓኪስታን፡ 5.8 ሚልዮን፡ ቻይና፡ 3.6 ሚልዮን፡ ኒጀር፡ 2 ሚልዮን፡ ግብጺ፡ 1.7 ሚልዮን፡ ጫድ፡ 1.6 ሚልዮን፡ መክሲኮ፡ 1.6 ሚልዮን፡ ኢራን፡ 1.53 ሚልዮን፡ ኣፍጋኒስታን፡ 1.52 ሚልዮን፡ ናይጀርያ፡ 1.46 ሚልዮን ኣእዱግ ኣለወን።

— — — —

### ሎሚ ኣብ ERI- TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቑልዑ |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም - ሓቅን ጽወጽዋይን ፊት ንፊት 3ይ ክፋል (ድግማ) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 16:00 | መደብ ኣኸበ |
| 18:00 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ጭንቀት'ዩ ዝገብረለይ. . .!

ሚርያም ዮሴፍ



ኣብ ሓደ ቤት መሸጣ ናውቲ ጽሕፈት እየ፡፡ ገለ ዝሰለጥ ውልቃዊ ጉዳያት ስለ ዝበረኒ፡ ቅዳሕ ናይ ሐሂዞ ዝበርኩ ሰነዳት ክዝብር ናብቲ ትካል ከይደ፡፡ ክሰልጠኒ'ሞ ጉዳየይ ኣጻፊፈ ናብ ስርሐይ ክምለስ ነይሩኒ፡፡ ተኣብተኣብ እናበልኩ ኑታ ኣገልግሎት ክትህብ ካብ ኮፍ ዝበለቶ ተንሲኣ ተቐሪባ ዝበረት ሰራሕተኛ ናይ'ቲ ትካል፡ ዝደለኽዎ ኣገልግሎት ድሕሪ ምሕባር፡ ወረቓቕተይ በቡሓደ ከውጽኣ ጀመርኩ፡፡ እንተኾነ ብጠምጋም ድሕሪ ሰለሰ ደቓይቕ ኣብለ ክምለሳ ሓብሪ፡ ናብቲ ኣብ ተንቀሳቓሲት ቴለፎና ክትርእዮ ዝጸንሐት ፊልም ኣተኩሮኣ ቀጸለት፡፡ ስለምንታይ ደጊመ ክምለስ ከም ዘለኒ ምስ ተወከስክዋ ድማ፡ ዋና ናይቲ ትካል ከም ዘየለን ዝደለኽዎ ኣገልግሎት ድማ ንሱ ጥራይ ከም ዝሰልጦን ሓበረትኒ፡፡

ብልበይ፡ "ዝበን ዘይጠቕማ ወረቓቕቲ ከይግዮም ፍርቂ ሰዓት ክጸበ!" ኢለ እናጉረምረምኩ፡ ህውኽቲ ምኽንያይ ሓብረ፡ ኣብ ስርሓ ጸገም ዘይፈጥረላ እንተ ኾይኑ ድማ ባዕለይ ክዝብሮ ከም ዝኽእል ሕቶ ኣቕረብኩ፡፡ ኣይተቓወመትን፡ ዘድልዩኒ ሰራሐ፡ ሕሳበይ ከፊለ ወጻእኩ፡፡

ድሕሪ ክልተ መዓልታት ንተመሳሳሊ ኣገልግሎት ናብቲ ትካል ተመለስኩ፡፡ ሕጂ'ውን "ዋና ስለ ዘይኣተወ ጽንሕ ኢልኪ ተመለሲ" ዝበለ ተመሳሳሊ መልሲ ተዋህበኒ፡፡ ከምቲ ዝሓለፈ ባዕለይ ክዝብሮ ዝኽእል እንተ ኮይኑ እታ መሳርሒት ክትውልዓለይ ከም እትኽእል ግን ሓበረትኒ፡፡ ዳምዩ ዘድልዩኒ ሰራሐ ክጠን ምስ በልኩ ድማ ምስታ ሰራሕተኛ ሓጺር ዕላል ከፈትኩ፡፡

"ኣብ ዝመጻኹለን መዓልታት ተመሲጥኪን ምሉእ ኣቓልቦ ሂብኪን እትዕዘብየን ትሕዝቶታት ኣብ ሞባይልኪ ኣለዋ፡ እንታይ'ኮን ይኾና?" ብምባል መኽፈቲ ዕላል ዝኸውን ሕቶ ሓተትኩ፡፡ ንኣሰታት 245 ክፋላት ዝኣክል ግዜ ሂባ ዝሰዓበታ፡ ኣዝያ ትድነቐላ ተኸታታሊት ፊልም ምኻና ድማ ነገረትኒ፡፡ ኣሰዒብ ኣብለ ድማ፡ "ኣብዚ ትካል ካብ ትቑጸሪ ኸ ክንደይ ገይርኪ?" በልክዋ፡፡ ዓመትን ሰለስተ ወርሒን ከም ዝገበረት ወሲኻ መለሰት፡፡ ኣብዚ ዝጠቐስኩዎ ግዜ፡ ኣብቲ ስራሕ ዘገድስዎ መሳሪታውያን ክእለታት ከተጥሪ ዘይምኽኣላ ሕርኽርኽ እናበለኒ፡

"እሞ እዚ ግዜ ደኣ ቀሊል ኣይኮነን ንነፍሲ ወከፍ ኣብዚ ገዛ ዘሎ መሳርሒታት እንተ ትመልክዮ ኣብ ስራሕኪ ኣዝዩ ሓጋዚ ምኾነ ተገልጋሊ ከኣ ዋና ክሳብ ዝመጽእ ካብ ዝጸበ ባዕልኺ ማስለጥክሉ" ብምባል እናተሰከፍኩ ርእይቶይ ወስ ኣበልኩ፡፡

ጓልየት ግን፡ "ጸው በልየ! ጭንቀት እዩ ዝገብረለይ፡" ዝበለ ሓደ ዘይተጸበኽዎ መልሲ ሰንደው ኣበለት፡፡

እናሰሓቕኩ፡ "ኣየናይ እዩ ጭንቀት ዝገብረልኪ?" በልክዋ፡፡

"ኩሉ ኣብዚ ገዛ ዘሎ ናይ ኮምፕዩተር መሳርሒታት ጭንቀት እዩ ዝገብረለይ፡፡ ኣብቲ መጀመርታ ስራሕ ክጅምር ከለኹ ኩሉ ከመይ ከም ዝሰርሕ ዋና ናይዚ ትካል ኣርእዩኒ ነይሩ፡ እንተኾነ ዋጠጠን እዩ ዝሽፍኣካ በጃኺ፡ ሓንቲ ቀለም ትውድእ፡ ሓንቲ ወረቐት ትቕርቕር፡ ሓንቲ ገለ ዘይርድኣካ ምልክት ትህብ፡ ምግዳፉን ይሓይሽ ኢሉ" በለትኒ፡፡

"ሓቅኺ፡ ኩሉ መሳርሒታት ክሳብ ትመልኮ ከጸግም ይኽእል'ዩ፡ ምስ ግዜ ግን ምሉእ ምልክት ኢኻ ተጥሪ፡ ከይተሓለልኪ ፈትንዮን፡ ጭንቀት ዝገብር፡ ክእለት ምጥራይን ምምሃርን ዘይኮነ፡ ንነፍሲ ወከፍ ተገልጋላይ ኑቲ መሳርሒ ከም ዘይትመልክዮን ዋና ምስ መጸ ክምለሰን ምንጋር እዩ፡፡ ጸብሒ ንዓሀ ንኹለን መሳርሒታት ብዮብኡ ትመልኺ ሓዳስ ሰራሕተኛ እንተ ተቖጺራ፡ ንስኺ ኸ ዚ ትካል ኣይክተድልየን ኢኺ፡ ስራሕ ከይትስእኒ እብ!" ወሰኽኩ፡፡

ሰራሕተኛ፡ "ደሓን ንፍትኖ!" ዝበለ ሓጺር መልሲ ሂባ ናብታ ብኣጽክሮ እትከታተላ ፊልም ተመልሰት፡፡

ሎሚ ኣብ ዝተፈልየ መድረኽ ኢና ዘለና፡፡ "ዝጸቐዐ እዩ ዝሰርር" ዝበለ ኣበሃህላ ቻርለስ ዳርዊን፡ በቲ "ንለውጢ ብዝዮቦእ ዘመሓይሽ እዩ ዝሰርር" ዝበለ ሓረግ ካብ ዝትካእ ውሑድ ግዜ ኣይገበረን፡፡ ዓለምና ወግሑ ጸብሐ ብሓደስቲ ርኽቦታትን ለውጥታትን ዝተዓበለት ትኸውን ኣላ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓደሽ ምዕባሌታትን ርኽቦታትን ድማ፡ ሰብ ምስዚ ከም ፍጥረት ብርሃን ዝቕጽል ዘሎ ለውጥን ምዕባለን ክሰጎም ኣገዳሲ እዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልእ ናይ ምንባር ኣማራጺ'ውን የብልናን፡፡ ምኽንያቱ፡ መዓልታዊ ሂወትና፡ ስራሕና፡ ሞያና፡ ወዘተ በዚ ሓደስቲ ምዕባሌታት ከሳ ለውጥታት ኣዝዩ ዝተጸልወ ስለ ዝኾነ፡፡

እዚ መድረኽ እዚ ኩሉ ሰብ ብብቕዓት ክዋሳኣሉ ዘገድድ እኳ እንተኾነ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ ዝያዳ ኣተኩሮ ዘድልዩ ጉዳይ እዩ፡፡ ኣብ ሕብረተሰብና ናይ ዓለም ብሓፈሻ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ጾታ ዘሎ ዘይምዕሩይነት ሓደ ካብቲ ንዘመናት መፍትሒ ዘይተረኸቦ ዓለማዊ ዛዕባ እዩ፡፡ እዚ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ዘይምዕሩይነት ንምፍዋስ ድማ ብዙሕ ጻዕርታት ይግበር እዩ፡፡ ዋላ እኳ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ኣዋጃትን ብምንዳፍ ማዕረን ምዕሩይን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋጽ ዝሰርሕ እንተኾነ፡ ንኹሉ ክዉን ዝገብር ግን ግዙፍ ዝበለ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ እዩ፡፡ ሓደ ካብኡ ድማ ደረጃ ብቕዓት ደቂ ኣንስትዮ ክብ ምባል እዩ፡፡ ብቕዓት እቲ ዝዓበየ መሳርሒ ናይ ጾታዊ ማዕርነት እዩ፡፡

ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ተዋፊረን ናይ ዝሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ ቁጽሪ ኣዝዩ ዓቢ እዩ፡፡ እዚ ሓደ ዓቢ ዝኾነ ንቕድሚት እኳ እንተኾነ፡ መሳረታዊ ናይ ማዕርነት መግለጺ ግን ክኾውን ኣሎዎ፡ መዐቀኒ ዝኸይድ፡ ብቕዓት ምድላብ እዩ፡፡

ወዲ ሰብ ኣብ ሂወቱ ዝተፈላለዩ ስርሓት ወይ ዕዮታት ክመልኽን ከማዕብልን ይኽእል እዩ፡፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝፈላለዩ እኹል ፍልጠትን ብቕዓትን ዝጠልቡ ሞያታት እየም፡፡ ካብዚ ዝተፈልየ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ዓውድታት፡ ማለት ኣብያተ ጽሕፈት፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ዓውዲ ምህንድስና፡ ሕክምና፡ ምምሃርና፡ ቁጠባዊ ንጥፈታት፡ ቴክኒካዊ ክእለት ዝሓቱ ዓውድታት . . . ብዮብእ ክሰላሰሉ ዝጠልብዎ ረቛሒታት ኩሉ ኣካል ሞያውነት እዩ፡፡ እቲ ዓውዲ ወይ ሞያ ዓይነቱ ብዘይገድስ ኩሉም ሞያታት ዝጠልብዎ ባህርያት ኣሎ፡፡ ቀዋሚ ሓላፍነት ምሽካም፡ ነቲ ሞያ ብምልኣት ምፍላጥን ምምላኽን፡ ኣብ ወጻኢት ናይ ስራሕካ ተሓታትነት ምህላው፡ ብቐንዱ ድማ ብብቕዓት ምስራሕ ዝጠቓልል እዩ፡፡ ስለዚ፡ ኣድማዕነት፡ ተዓጻፊ ዝኾነ ኣፍራይነት ከም'ኡ'ውን ልዑል ብቕዓት ኩሉ ዓይነት ሞያታት ዝጠልቦ ረቛሒ እዩ፡፡

ብቕዓት፡ ንዘውጸኦ ይኹን ባዕልኻ ንዝፈጠርካዮ ዕማም ብተወዳዳሪን ልዑል ክእለትን ናይ ምትግባር ዓቕሚ እዩ፡፡ ብቕዓት ድማ ካብ ሰማይ ሃንደበት ዝወርድ ማና ኣይኮነን፡፡ ብቐንዱ ደቂ ሰብ በቲ ኣብ ገዛእ ነፍስና እነውፍሮ ወፍሪ ዝድረኽን ዝውሰንን እዩ፡፡ ውልቃዊ ምዕባለ ወይ ዕቤት ድማ ንሓደ ውልቀ ሰብ ዝገብራ ብብቕዓት ናይ ምዕማም ክእለቱ ዘሁብትም ወይ ዝድርዕ ሓይሊ እዩ፡፡ ውልቃዊ ዕቤት ንምብራኽ ብቐጻሊ ሓድሽ ፍልጠት ኣብ ምኽዕባት፡ ከም ወጻኢቱ ድማ ሞያና ኣብ ምምሕያሽን ምምዕባልን ክንጸምድ የድሊ፡፡

ዝተፈላለዩ ምሁራን ከም ዝገልጽዎ፡ ሰብ ብዛዕባ ብዙሕ ነገር እንተ ውሑድ ዝተወሰነ ኣፍልጦ ክህልዎ ኣሎዎ፡፡ ብዛዕባ ዝተወሰነ ነገር ግን እኹል ወይ ብዙሕ ኣፍልጦ ክህልዎ ኣሎዎ፡፡ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ድማ ብዝመሳሰል፡ ክሳዕ እቲ ተራ ፍልጠት ዝሰንድ ምልክትን ዓቕምን ምድላብ ኣብ ስራሕና ኮነ ሞያና ውሕስነት ዝፈጥር እዩ፡፡ ውሕስነት ድማ ዓቕሚ ብምድላብ እምበር ብኻልእ ናይ ኣቋራጭ ኣማራጺታት ክጥረ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡

ከም ደቂ ኣንስትዮ ማጠን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ተዋፊርና ኣብ እንዋጸሉ እዋን ብብዙሕ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህርያዊ . . . ብድሆታት ከም እንጽሎ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ምስ ኩሉ ዘለና ብድሆታት ኣብ ሞያና ዘሎና'ትእ ብቕዓት ምስ እንድልብ ግን፡ ኑቲ ካልእ ዘለና ማሕለኻታት ኣብ ምምካት'ውን ዝሕግዝ ዝዓበየ መሳርሒ እዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ ነፍስና ክንመልኽ፡ መኣዝናን ድሌታትናን ክንፈልጥ ዝኽእለና ዝዓበየ ሓይሊ ስለ ዝኾነ፡ ብተወሳኺ፡ ንዚጋጥሙና ሓደስቲ ብድሆታት ኣብ ምምጣም'ውን ዓቢ ሓይሊ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡

ኣብዚ ተለዋዋጢ ዓለም ብቕዓት ምድላብ ማለት፡ ምስ ኩሉ ዓይነት ኩነታት ክትለማመድን ክትዓብን ምኽኣል፡ ከም ወጽኢቱ ድማ መጻኢኻ ምውሓስ ማለት እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብዚ እዋን እዚ ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለዩ ቴክኒካዊ ክእለትን ምልክት ናይ ቴክኖሎጂን ዘድልዮም ሞያታት ኣለዉ፡፡ ኣብ 2025 ብዓለማዊ ውድብ ዕዮ ኣብ ዝተገበረ መጽናዕቲ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝዕብለሉ ዓይነት ሞያታት ዳርጋ እቲ 29% ልዑል ቴክኒካዊ ብቕዓት ዝጠልብ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ፡፡ ብተወሳኺ፡ ኣብ ገለ እዋን ብዘውሓደ ቅጥዕታት ሰራሕተኛታት ዝቖጽር ዝበረ ዓይነት ዓውድታት ስራሕ፡ ኣብዚ እዋንዚ መሰረታዊ ምልክት ቴክኖሎጂ ዝጠልብ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ንዘድልዩ ቴክኒካዊ ረቛሒታት እንተ ዘይኣማለአን ድማ፡ ካብቲ ሞያታት ክግለላን ናብ ዘይወግዓዊ ዓውድታት ስራሕ ክዋፈራን ይግደዳ፡፡ እዚ፡ ኣብ'ተን ደቂ ኣንስትዮ ዝፈጥሮ ክፍተት ናይ ርእሰ ተኣማንነት፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ዕንቅፋት ይፈጥር፡፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት መድረኽ፡ ኣብ ዘለናዮ ዓውድታት ስራሕ፡ ኣብ ስራሕና ብብቕዓት ዘቖጽለና ክእለት ደሊብና ክንዕምርሽ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ስለዚ፡ ከም ደቂ ኣንስትዮ ማጠን ራኢናን ዕላማናን ንምጭባጥ፡ ኣብ ሞያና ዕዉታት ንምኻን፡ ማዕርነት ድማ ክጸው ብዘሳትፎ ብዓቕሚን ክእለትን ንምርግጋጽ ዘድልየና ዝዓበየ ዕጥቂ ብቕዓትና እዩ፡፡ ብቐንዱ ድማ ብቕዓት ሕቶ ህላውነት እዩ፡፡ ፍልጠትን ውልቃዊ ዕቤትን ጭንቀት ዝገብረልና እንተ ኾይኑ ግን፡ መጻኢናን ህላወናን'ውን ጭንቀት ክገብረልና ይኽእል እዩ፡፡ ኣብዚ ተወዳዳሪ ዓለም ድማ፡ ኣብ ገዛእ ነፍስና ብእንገብሮ ወፍሪ፡ ነፍስና ኣብ ቀጻሊ ዕቤት ክንጸምድ፡ ምስ ግዜ ዝሰፍሑ ሓደስቲ ሞያታት ከነማዕብልን ክንመልኽን፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ህላወና ከረጋግጽ ኣገዳሲ እዩ፡፡





# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጻጋይ

## ትራምፕ፡ ኣብ መደበራት ጸዓት ኢራን ከካይዶ ዝወጠኖ መጥቃዕቲ ኣናዊሑዎ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ምምሕዳሩን ኢራንን ዝካየድ ዘሎ ዝርርብ ሰላም ጸቡቕ ኣገራት ከም ዝተረኽቦ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ ልዕሊ ትካላት መመንጨዊ ጸዓት ኢራን ከካይዶ ዝወጠኖ መጥቃዕትታት ክሳብ 6 ሚያዝያ ኣናዊሕዎ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ብመሰረት ምሕጽንታ መንግስቲ ኢራን፡ እቲ ኣብ መሳለጥያታት ጸዓት ጣዕራን ከውርዶ ዝወጠንኩ ዕንወት ብዓሰርተ መዓልታት ኣናዊሐዮ ኣለኹ" ክብል ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዘይቱም ጸብጻባት ናይ ገለ ማዕከናት ዜና፡ ኣብ መንጎ ምምሕዳሩን ኢራንን ጸቡቕ ኣገራት ዝተረኽቦ ቀጻሊ ዝርርብ ይካየድ ከም ዘሎ ኣረጋጊጹ።

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ፓኪስታን መሓመድ ኢስሓቅ ዳር ድማ፡ ኣመሪካን ኢራንን ብመንገዲ ሃገሩ ኣቢለን ዘይቀጥታዊ ዝርርብ የካይዳ ከም ዘለዋ ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ቀዳም፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ጣዕራን ንመጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ምስ ዘይትኸፍቶ፡ ኣብ ልዕሊ መደበራት መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ትሕተ ቅርጺ ጸዓትን ኢራን መጥቃዕቲ ከም ዘካይድ ምጥንቃቑ ኣይርሳዕን።

ጣዕራን ከኣ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ናይ ጸዓት መሳለጥያታታ መጥቃዕቲ ምስ እተካይድ፡ ኣብ ልዕሊ መሳእ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት ናይቲ ዞባ ሕነ ክትፈዲ ምዃና ምጥንቃቓ ይዝከር።

## ዓበይቲ ወደባት ኩዌት ዒላማ መጥቃዕቲ ኢራን ኮይነን

ትማሊ ዓርቢ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊኣ ንዝፍጸም ዘሎ ልፍንታዊ መጥቃዕትታት ኣመሪካን እስራኤልን ግብረ መልሲ ኣብ እትህበሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ ልዕሊ ክልተ ዓበይቲ ወደባት ኩዌት መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።



ብመሰረት ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ንግዳዊ ወደብ ሹዋይኽን ወደብ መብረክ ኣልካቢርን፡ ዒላማ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ክሩዝ ሚሳይላትን ከም ዝኾና ተፈሊጡ ኣሎ።

እቶም ሰበ ስልጣን ኣብ ሓበሬታኦም፡ እቲ ኣብ ልዕሊ እተን ወደባት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣብ ሰብ ዝኾነ ጉድኣት ከም ዘየውረደ፡ እንተኾነ ንዋታዊ ዕንወት ከም ዘስዓበ ኣዘኻኺሮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ስርዓታት ምክልኻል ኣየር ስዑዲ ዓረብ፡ ንምብራቓዊ ክፋል ናይቲ ዞባ ዒላማ ዝገበራ ሓያሎ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኢራን ከም ዘፍሸለ፡ ሰበ ስልጣን ማእከላይ ምብራቕ ሓቢሮም።

## ስዑዲ ዓረብን ዩክሬንን ኣብ ጽላት ምክልኻል ይተሓባበራ

ትማሊ ዓርቢ፡ ዩክሬንን ስዑዲ ዓረብን ኣብ ጽላት ምክልኻል ንኽተሓባበራ ዘኽእለን ስምምዕ ከም ዝኸተማ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎደሚር ዘለንስኪ ኣፍሊጡ።

እቲ፡ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ናብ ስዑዲ ዓረብ ድሕሪ ዘካየዶ ዘይወግዓዊ ምብጻሕ ዝተኸተመ ስምምዕ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ንዝግበሩ ውዕላት፡ ቴክኖሎጂያዊ ምትሕብባርን ወፍርን መሰረት ዘንጽፍ ምዃኑ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ቴሌግራም' ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ስዑዲ ዓረብ ንዩክሬን ክጠቕማ ዝኽእል ዓቕሚታት ከም ዘለዋ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ኣብ መንጎኦም ዝዝተዘራረብሉ ስምምዕ ንኽልተአን ሃገራት ብዓሚቝ ኣርባሒ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣረጋጊጹ።

ዕላማ ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ጋዜጣ ዋሽንግቶን ፖስት፡ ኣመሪካ ንዩክሬን ክትህቦ ዝሓሰበቶ ኣጽዋር፡ ናብቲ ምስ ኢራን እተካይዶ ዘላ ኩናት ከተቕንዖ ትደሊ ከም ዘላ ዝገለጸ መግለጺ ድሕሪ ምውጻኡ እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ኣብዚ ዘለናዮ ወርሒ፡ ዩክሬን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ማእከላይ ምብራቕን ኒቲ ካብ ኢራን ዝመጽኦን ዘሎ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ምክልኻል ግብራዊ ተመክሮ ንምቕሳም ክሕግዝወን ዝኽእላ ልዕሊ 200 ወተሃደራውያን ክኢላታት ከም ዘለኣኸትለን ዝዝከር እዩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ዩክሬን ኣምሳያ ናይቲ ንሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ትህቦ ዘላ ወተሃደራዊ ሓገዝ ገንዘብን ቴክኖሎጅን ከም ዘድልያ'ውን ኣዘኻኺሩ ኣሎ።



## እስራኤል፡ ናብ ሊባኖስ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ትልእኽ

ሰራዊት እስራኤል፡ ናብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ከም ዝለኣኸ ተሓቢሩ።

ሰራዊት እስራኤል ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ናይ መኸላኸሊ ዞባ ንምስፋሕ፡ ወተሃደራት ክፍለ ሰራዊት 162 ናብ'ቶም ድሮ ኣብ መሬት ሊባኖስ ዝርከቡ ክልተ ክፍለ ሰራዊት ጸንቢሮም ከም ዘለዉ ኣፍሊጡ።

ምውፋር ናይቶም ወተሃደራት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኒቲ ካብ ሕዝቦላህ ክመጽእ ዝኽእል መጥቃዕትታት ንምክልኻል፡ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ሰፊሕ ናይ 'ምክልኻል ዞባ' ክምስርት መደብ ከም ዘለዎ ድሕሪ ምግላጹ እዩ ዝካየድ ዘሎ።

እስራኤል ብ28 ለካቲት ምስ ኣመሪካ ሓቢራ ኣብ ልዕሊ ኢራን ድሕሪ ዘካየደቶ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ ሕዝቦላህ ናብ ተልኣኸቲ ብርክት ዝበሉ ሮኬታት ከም ዝወንጨፈ እዩ ዝግለጽ።

ከም ግብረ መልሲ ናይዚ ከኣ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ምምዛብል ናይ 1.2 ሚልዮን ዜጋታት ናይታ ሃገር ዘኸተለ ናይ ምድርን ኣየርን መጥቃዕትታት ተካይድ ምህላዋ እዩ ዝሕበር።

ብዘውሰኸ፡ ብመጥቃዕትታት እስራኤል ብውሕዱ 1,116 ሊባኖሳውያን ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት 3,229 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር የመልክቱ።

ፈረንሳ፡ ብሪጣንያ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያን ካናዳን ዝርከብኦን ብርክት ዝበላ ሃገራት፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ እተካይዶ ዘላ ናይ መሬት መጥቃዕትታት ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ከስዕብ ስለ ዝኽእል፡ ብኡንብኡ ደው ክብል ጸዊዐን ኣለዋ።



## ፊሊፒንስን ፈረንሳን ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲመን

ፊልፒንስን ፈረንሳን ኣብ መሬት ሓድሕደን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ክካየዳ ዘኽእለን ወተሃደራዊ ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ፍሊፒንስ ምስ ቻይና ኣብ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ዘለዋ ናይ እጃታ ክርክር እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ይኽተም ብምህላዉ፡ ንወጥሪ እተን ሃገራት ካልእ ኣንፈት ከየትሕዞ ስግኣት ከም ዘሎ እዩም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

እቲ ወተሃደራዊ ስምምዕ ዝሓለፈ ሓሙስ እዩ ብጸሓፊ ምክልኻል ፊሊፒንስ ጊልበርቶ ቴዎዶሮን ሚኒስተር ዕጡቓት ሓይልታትን ጉዳይም ወተሃደራትን ፈረንሳ ካትሪን ቫውትሪን ኣብ ከተማ ፓሪስ ተኸቲሙ።

እቶም ሰበ ስልጣን፡ ኣብ ዞባዊ ጸጥታዊ ብደሆታት ኣተኩሮም ክዛተዩ እንከለው፡ ኒቲ ኣብ ሕግታት ዝተሞርኰሰ ኣህጉራዊ ስርዓት ዘለዎም ደገፍ ከኣ ደጊሞም ከም ዘረጋገጹ ተገሊጹ።

ክፍሊ ምክልኻል ፊሊፒንስ ኣብ ዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ እቲ ስምምዕ ንኽልተኣዊ ምትሕብባር ፊልፒንስን ፈረንሳን ዘዕቢ፡ ኣብ መንጎ ዕጡቓት ሓይልታት ክልተአን ሃገራት ንዝካየድ ሓባራዊ ንጥፈታት ከኣ ሕጋዊ ውሕስነት ዘልብሶን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ፊሊፒንስ ኣቐዲማ'ውን ምስ ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ጃፓንን ኒውዚላንድን ተመሳሳሊ ስምምዓት ከም ዝኸተመት እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 28/03/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤትፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services